# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 33 ዓመት ቁ.228 | ሓሙስ 23 ግንቦት 2024 | ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ




ገጽ 2
መልእኽቲ ሚኒስትሪ መሬት ማይን ኣከባብን

ገጽ 3
ብኽቡር ዋጋ ዝተረኽበ ብኽቡር ዋጋ ይሕሎ!


ገጽ 4


ገጽ 7

“ብቕዓት ተማሃሮ ኣብ ቀዳማይ ንምዕባይ ንመማህራን ...

ገጽ 11
ኣማኑኤል፡ ብሉጽ ጸወታ ኣርእዩ



## ማእከል - ጽምብል ኮማዊ ዳሳት ተጀሚሩ

ኣብ ዞባ ማእከል፡ “ውሕስነት ሰላም ብመኸተ” ብዝብል ቴማ ንዝበዓል ዘሎ መበል 33 ዓመት በዓል ናጽነት፡ ህዝቢ ኮማዊ ዳሳት ብምትካል ብልዑል ሃገራዊ ክብረን መዳርግን ክጽምብሎ ጀሚሩ።

ትማሊ 22 ግንቦት፡ ነበርቲ ንኡሳን ዞባታት ዕዳጋ-ሓሙስን ፓራዳዞን ንክብርቲ ዕለተ ናጽነት ደብቅዕ'ዩ ዝበልዎ ምድላዋት ብምግባር፡ ብሓደጎትን ፍስሃን ብሓቦር ክዘናግዑ ወዒሎም።

ህዝቢ ኤርትራ፡ ኣብ ጽላል ሃገራዊ ሰንደቕ ዓሲሉ ኣብ ድሙቕ ጽምብል ዝርከብ ዘሎ - ኑቲ ስለኣ ዝኸፈሎ ማስዋእቲ ስለዘማዝዘብ ምኳኑ ብምሕባር፡ እቲ ምትእኽኻብ ኪኖ እኽሉ-ማይን ኋይላን ዝኸይድ ረዚን መልእኽትን መብጽዓን ዝሓቘፈ ምኳኑ፡ ተሳተፍቲ ገሊጾም።

“ሃገራዊ ብዓላትና ሕላገት ጽንዓትናን መግለጺ ክብርታትናን መንነትናን እዩ” ዝበሉ ኢሪና ዝተወከሱዮም ነበርቲ፡ መንእሰያትን ቈልዑን ኣሰር ወለዶም ተኸቲሎም ኣብ ምድማቕ በዓል ናጽነት ዘርኢዮዎ ዘለዉ ዕዙዝ ተሳትፎ፡ መርኣያ ዕዉት ባህሊ ምውርራስ ከምዝኾነ ሓቢሮም።

በዓል ናጽነት፡ ህዝቢ ባዕሉ ንባዕሉ ዝዕጠቖሉ ሃገራዊ ኣውደ-ኣመት ብምዃኑ፡ ድምቀቱ መመሊሱ ከምዝኸውን እውን ብዝተወሳኺ ኣረዲኦም።

ኣብ ዞባ ማእከል፡ ካብ 22 ክሳብ 24 ግንቦት - ብድምር 146 ኮማዊ ዳሳት ከምዝትከል ተፈሊጡ ኣሎ።



ን/ዞባ ዕዳጋ ሓሙስ - ምም/ከባቢ ሓዝሓዝ




ን/ዞባ ፓራዲዞ - ምም/ከባቢ መካነ-ገነት

## መራሕቲ ቻይናን ህንድን ናይ ዮሃና መልእኽቲ ሰዲዶም

መራሕቲ ህዝባዊት ረፓብሊክ ቻይናን ረፓብሊክ ህንዲን ብምኽንያት መበል 33 ዓመት በዓል ናጽነት፡ ናብ ህዝብን መንግስትን ኤርትራ ናይ ዮሃና መልእኽቲ ሰዲዶም።

ፕረዚደንት ህዝባዊት ረፓብሊክ ቻይና ሺ ጂን ፒንግን ፕረዚደንት ረፓብሊክ ህንዲ ድራውፓዲ ሙርሙን ብስም መንግስታቶምን ህዝብታቶምን ኣብ ዝሰደድዎ መልእኽቲ፡ ኣብ መንጎ ሃገራቶምን ኤርትራን ዘሎ ምዉቕ ዝምድና፡ ኣብ መጻኢ ከምዝሰፍሕን ዝያዳ ከምዝምዕብልን ዘለዎም ጽኑዕ እምነት ብምግላጽ፡ ንፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ምሉእ ጥዕናን ኣሰልጦ ሰራሕትን፡ ንኤርትራን ህዝባን ድማ ራህዋን ዕቤትን ተመንዮም።

ፕረዚደንት ሺ ጂን ፒንግ ኣብ



መልእኽቱ፡ መንግስትን ህዝብን ኤርትራ ኣብ መትከላት ናጻ መስመር ጸኒዖም ኣብ ጉደና ምዕባለን ዳግመ-ሕውየትን ንዘወሰድዎ ዕቱብ ስጉምትታት ብምጥቃስ፡ ኤርትራ - ኣንጻር ዕብለላን ፖለቲካ ሓይልን እተካይዶ ቃልሲ፡ ኣብ ምውሓስ ኣህጉራዊ ፍትሓውነትን ፍትሒን ከምኡ'ውን ኣብ ምርግጋጽ ዞባዊ ሰላምን ጸጥታን ኣገዳሲ ተራ ከምዘለዎ ገሊጹ።

ፕረዚደንት ፒንግ ብተወሳኺ፡ ቻይናን ኤርትራን ዘማዕበላኦ ንሓባራዊ ረብሓ ዘገልግል ሕውነታዊ ዝምድናን ሓቀኛ ምትሕግጋዝን፡ ኣብ መጻኢ ዝበለጸ ስትራተጂካዊ ሽርክነት ንምፍጣር ምቹእ ባይታ ከምዝጥጥሕ ኣረጋጊጹ።

## ደቡብ - ኣብ ስራሓት ከዘንቲ ማይን ንጥፈታት ምዕቃብ ሓመድን ማይን ዕቱብ መደባት ተተግቢሩ

ኣብ ዞባ ደቡብ፡ ኣብ ዝሓለፈ ናይ ናጽነት ዓመታት፡ ኣብ ምዕቃብ ማይን ሓመድን ብሓፈሻ - ኣብ ምስራሕ ከዘንቲ ማይ ድማ ብፍላይ ኣገዳሲ ስራሓት ከም እተሳለጠ ተገሊጹ።

ኣብ ቤት-ጽሕፈት ሕርሻ ሓላፊ ጨንፈር ምዕቃብ ማይን ሓመድን ልምዓት ማሰኖን ኣቶ ተኸስተማርያም ዘርኣይ፡ ብምውህሃድ ህዝብን ጨንፈር ሕርሻን - ልዕሊ 47 ሚልዮን ሜትሮ ኩቦ ናይ ምሓዝ ዓቕሚ ዘለወን - 152 ዓበይትን ማእከሎትን ዲጋታትን 269 ራህያታትን ከምእተሰርሓ ኣረዲኡ።

እተን ብዘሕዎ ኣብ ዝተፈላለየ ከባቢታት ዝተሰርሓ ከዘንቲ ማይ፡ ኣብ ልዕሊ'ቲ ንህዝበን ጥርትን ብቐጥታ ዝህባኦ ኣገልግሎት፡ ትሕዝቶ ትሕተ-ባይታዊ ማይ ብምህባቶም - ልምዓት ማሰኖ ኣብ ምድንፋዕ እውን ተራኦን ዕዙዝ ምኳኑ ሓቢሩ።

ብመሰረት ሓበሬታ ኣቶ ተኸስተማርያም፡ ብቐጥታን ብዘዘዋዋርን ጽልዋ ናይ'ተን ከዘንቲ ማይ - ኣብ'ቲ ዞባ 3,160 ሄክታር ብኣትምልትን ፍረታትን ለሚዑ ኣሎ።

ኣብ ምዕቃብ ማይን ሓመድን ድማ፡ 70 ሽሕ ሄክታር ዛላን 58 ሽሕ ሄክታር ከትሪን ክስራሕ እንከሎ፡ 7 ሽሕ ሄክታር ተመድሚዱ፣ ብጋብዮንን ቸሜንቶን ኣብ 73 ቦታታት ዓበይቲ ከትሪታት ተሰሪሑ።



## ውሕስነት ሰላም ብመኸተ!

# "ኣካል ውጥን ዕቀባን ስሰናን ህይወታዊ ብዙሕነት ንኹን"

## ኣህጉራዊ መዓልቲ ህይወታዊ ብዙሕነት

22 ግንቦት ኣህጉራዊ መዓልቲ ህይወታዊ ብዙሕነት፡ ካብ 2001 ጀሚራ ብዘተፈላለዩ ኣብ ጉዳይ ምዕቃብን ምክንኻንን ህይወታዊ ብዙሕነት ንቑሓት ማሕበረሰብ ዓለም ንምዕባይ ዝዓለሙ መሰናዶኣታት ክትዝከር ጸኒሓ። ኣብዚ ዓመት `ኹ፡ ማሕበረሰብ ዓለም ኣብ ታሕሳስ 2022 ኣብ ሞንትርያል ኣብ ዝተቓነዐ መበል 15 ኣህጉራዊ ዋዕላ ህይወታዊ ብዙሕነት ዝጸደቐ ኣህጉራዊ መርሓ ምዕቃብን ምስሳንን ህይወታዊ ብዙሕነት ዚግበኦ ኣቓልቦ ኪጉበረሉ ንምዝኻር፡"ኣካል ውጥን ዕቀባን ስሰናን ህይወታዊ ብዙሕነት ንኹን" ኣብቲ ትሕቲ ዚብል ቴማ ትዝከር ኣላ።

ብሰንኪ እቲ ግጉይ ኣጠማምታ ዝመሰረቱ ናይ ደቂ ሰባት ኣተዓብራ ዝሰዓበ ክሊማዊ ለውጢ ዝወርድ ብርሰት ባህርያዊ ጸጋታት፡ ንዓለምና ከቢድ ኣከባብያዊ ጸገም ፈጢሩላ ኣሎ። ጸብጻብ መጽናዕታዊ ምርምራት ከም ዘሕብርዎ፡ ኣብዚ እዋን ኣብ ዓለም ካብ ዝተረፉ ኣስታት 8 ሚልዮን ጀርሕይወታውያን (ኣትክልቲ፡ እንስሳታትን ደቀቕቲ ነፍሳትን) 1 ሚልዮን ዘኣኽሉ ከቢድ ሓደጋ ምጽናት ኣንጸላልዩዎም ኣሎ። ባህርያዊ ስርዓተ-መሕደሮ (Natural Ecosystem) ናይ ህይወታውያን እውን ኣብዚ ሕጂ እዋን ካብቲ ንቡር ብጠምጋም ብ47 ሚእታዊት በሪሱ ከም ዝሓሰመ ይፍለጥ። ብርሰት ህይወታውያንን መሓደሮኦምን በዚ መጠን እንተቐጺሉ ዓለምና ህይወታውያን ዘይነብሩላ ግእዝቲ ፕላኔት ከይትኸውን ግምት ዘወሃቦ ዓብዩ ስግኣት ኣሎ።

ኣብ ዘቤታዊ ኩነታትና ምስ እንተኮር፡ ካብ ሃገርና ዝጠፍኡ ግን ከኣ ኣብ ቋንቋታት ብስም ጥራይ ዚፍለጡ፡ ከም ኣንበሳ፡ ዘራፍ፡ ጉማሪ፡ ሓርሽ ወዘተ፡ ተርእዮ ብርሰት ህይወታዊ ብዙሕነት ጭቡጥ ምዃኑ ዘረጋግጹ ኣብነታት እዮም። ካብ ሃገርና ፈጺሞም ዝጠፍኡ ወይ ኣዚዮም ዝሳሓዉ ዕጽዋት ምጥቃስ እውን ይከኣል እዩ። ብርሰት ህይወታዊ ብዙሕነት ዛንታ ዘይኮነ፡ ኣብ ቀድሚ ዓይንና ይቕጽል ምህላዉ ዘረጋግጹ ህያው ኣብነታት እውን ኣለዉ።

ለውጢ ክሊማ ዝጠንቁ ተደጋጋሚ ድርቅን ምብራስ ቡቕሊ ሽፋን መሬትን (ኣግራብ፡ ቈጥቋጥትን ሳዕርን) ንዋሕዲ ማይን ንከቢድ ፍግረ መሬትን ምድካይ ፍርያምነቱን ዘቃልዕን ዝበዝሐ ህዝብና ዝተጸምደሉ ሕርሻዊ ክፍሊ ቀንጠብ የድክዮ። በዐብዚሉ ዚጋጥም ባርዕ መሮር፡ ብልክዕ ኪግምገም እኳ እተዘይጸንሐ፡ ቀንጠብውን ኣከባብያውን ስምብራቱ ቀሊል ኣይኮነን። ንደቀባት ኣትክልቲ ዘቃጽሉ ኣብዚ ቀረባ እዋን ብዘተፈላለዩ ኣገባብት ናብ ሃገርና ዝኣተው ወረርቲ ኣግራብ፡ ከም ተምሪ መሳ እንበሎ ዓይነት ገረብ፡ ኣብ ገማግም ባሕርና ኣትዩም ዘሰፋሕፍሑን ንገልጋሉ ኣፅዋፍ ዘጸብቡ ዓይነት ኳኸ፡ ኣብቢ ዚብሃልን ዘጋዕዝይን ጉሕፍ ገለ ካብቶም ከም ኣበነት ንድሕነት ህይወታዊ ብዙሕነትን ኣገልግሎታት ስርዓተ-መሕደሮ ሃገርና ዘኸግኡን ፍሉይ ኣደኸቦ ናይ ሕብረተሰብና ዚሓቱን ብድሆታት እዮም።

ድሕነት ኣከባቢ ኤርትራ ናብ ንቡር ምምላስ፡ ብሓባራውን ወሃደን መኸተ መላእ ሕብረተሰብና ጥራይ እዩ ክኽኣል። ሓደ ፍቱን ኣገባብ ነቲ መንግስቲ ዘውጽኦ መደብ ምዕቃብ ሓመድን ማይን፡ ምግራብን ዳግመ ምግራብን፡ ምስፋሕ ሕዘእቲ፡ ኣብ ዕንጸይትን ፈሓምን ካብ ምምርኳስ ንምንጋፍ መተካእታ ጸዓት ምንዳይን ቈጠባ. ኣገባብት መዓላኡ ምዝውታርን እዩ። ደቀባት ኣዝርእቲ ናይ ዕጽዋት ኣብ ባንክ ጀርም (Gene Bank) ንምዕቃብ ዚግበር ዘሎ ጻዕሪ ከድንፍዕ፡ ካብ ዕጽዋት ሓሊፍካ ናይ እንስሳታትን ዓሳን ባንክታት ጀርም ንምምዕባልን ምድልዳልን እውን ብኣጋኡ ብዕትበት ክሰርሕ ይግባእ። ካብ ሳዕቤናት ወረርቲ ዓሌት ኣዝርእትን እንስሳታትን ንኣትክልትን እንስሳታትን ካብ ዝጥቅዑ ሕማማትን ንምክልኻል ዚግበር ምቁጽጻርን ኣገልግሎት ወሸባን ክድልደል ኣጉዳሲ እዩ። ዛጊት ዝተኻየዱ ጻዕርታት ተስፋ ዘህቡ እኳ እንተኾኑ፡ ምስቲ ዝመናት በሸኑ ብዘጋንሐ ጉድለት ኣቓልቦ ዝሰዓበ ብርሰት ኪነጻጸር እንከሎ፡ ዝተረፈና ዕማም ብዙሕ ስለዝኾኑ፡ ህሉዊ ኣከባብያዊ ጸጋታታ ዓቂብናን ሓደጋ ብርሰት ንዘጋጠሞ መሕደሮም ተኸላኺልናን ኣከባቢ ሃገርና ኣጥሪናን ናብ ንቡር መለሰናን ንመጻኢ ወለዶ ከነረክብ ኣካል ናይቲ ውጥን ንኹን።

**መልእኽቲ ሚኒስትሪ መሬት**
**ማይን ኣከባብን**
**22 ግንቦት 2024**

# ዜና

## ባጽዕ - 190 ዜጋታት ብዝተፈላለየ ዓውደ-ሞያ ሰልጢኖም

## =14 ጽጉማት ብጃላቡ ተጣዩሶም

ኣብ ንኡስ ዞባ ባጽዕ ካብ ክልተ ክሳብ ሓሙሽተ ኣዋርሕ ብክልሰ-ሓሳብን ግብርን ብሞያታት ግራፊክስ፡ ምድላው መግቢ፡ ጽባቐ ጸጉሪ ርእሲ፡ ቴክኖሎጂ ኮምፕዩተር፡ ከምኡ'ውን ብቋንቋታት ዓረብን ትግርኛን ዝሰልጠኑ 168 መንእሰያት፡ ብ16 ግንቦት ተመረቑም።

ሓላፊ ሃማመተኤ ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ መንእሰይ ዳዊት ተኽሉም፡ እቲ መደብ ዕላማኡ - መንእሰያት ኣብ ንኡስ ዕድመኦም ሞያ ክሕዙ እሞ ኑብሶም ክኢሎም ሕብረተ-ሰቦም ክሕግዙ ምዃኑ ብምዝኽኻር፡ ተመሳሳሊ ስልጠናታት ንምሃብ ውጥን ከምዘሎ ሓቢሩ።

ኣብ ሃማመተኤ ናይ'ቲ ዞባ ሓላፊ ፖለቲካን ውዳበን መንእሰይ ሱሌማን የሱፍ ድማ፡ እቲ ስልጠና ምስ ሚኒስትሪ ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን ሚኒስትሪ ትምህርትን ብምትሕብባር ዝተኻየደ ምዃኑ ገሊጹ።

ኣመሓዳሪት ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ወ/ሮ ኣስመረት ኣብርሃ፡ ሃማመተኤ መንእሰያት ኣብ ምኹሳኳስ ንዘዀብሮ ዘሎ ኣበርክቶ ድሕሪ ምንኣድ፡ ምምሕዳር ዞባ ተመሳሳሊ መደባት ንምድጋፍ ድልው ምዃኑ ኣረጋጊጸትሎም።

ቤት-ጽሕፈት ሃማመተኤ ንኡስ ዞባ ባጽዕ እውን፡ ኣብ ምምሕዳር ከባቢ እምበረሚ ብስራሓት ዕንቍ ዝሰልጠኑ 22 ደቂ-ኣንስትዮ ብ14 ግንቦት ኣመረቐ።

ኣብ ካልእ ተመሳሳሊ ዜና ናይ'ቲ ዞባ - ኣብ ንኡስ ዞባ ዳህላክ፡ ብምትሕብባር ጨንፈር ሚኒስትሪ ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን ምምሕዳር ንኡስ ዞባን፡ 14 ጽጉማት ብጃላቡ ተጣዩሶም።

ብ10 ግንቦት ኣብ ጀምሂለ ኣብ ዝተኻየደ ስነ-ስርዓት፡ ወኪል ጨንፈር ሚኒስትሪ ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን ዞባ ሰ/ቀ/ባሕሪ ኣቶ እስማዒል ዐሰማን፡ ማሕበረ-ቀጠባዊ መኻበርቲ ዜጋታት ብሓፈሻ ናይ ጽጉማት ድማ ብፍላይ ንምምሕያሽ ይሰራሓሉ ከምዘሎ ገለጹ።

ብጃላቡ ናይ ምጥያስ መደብ ውጽኢታዊ እናኾነ ይመጽእ ከምዘሎ ብምሕባር ከኣ፡ ኣብ መጻኢ ብዝሰፍሐ መልክዑ ክቕጽል ምዃኑ ኣብሪሁ።



ዕዮል ናጽነት ንምድማቕ ክተዳደ ካብ ዝቐጸለ ምድላዋት - ዞባ ደቡብ (ሰእሊ. ብመራሕ ተስፋይ)








## ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

**ዋና ኣሰናዳኢ**
ኣሰፍሃ ተኽለማርያም

**ምክትል ኣሰናዳኢ**
ብርሃነ ምሕረትኣብ
ቍ.ስ 116266 / 201820 (256)

**ቦርድ ምስንዳእ**
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ተስፋልደት መብራህቱ
ቤተልሄም ታደሰ
ቍ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጾ. 247

**ለይ-ኣውት**
ፍርቱና ኤፍሬም
ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ

**ምዝርጋሕ ጋዜጣ**
ቍ.ስ.200454-07121322
**ምልክታ**
ቍ.ስ 125013 - ቍ.ሳ.ጾ. 1284

# ብኽቡር ዋጋ ዝተረኽበ ብኽቡር ዋጋ ይሕሎ!

ኤፍሬም ሃብተጽዮን

ናጽነት ህዝቢ ኤርትራ መሰታኡ/መዋልድቱ እንክሉ፡ ንኸይልያ ብዙሕ ከርተት ኢሉን ከቢድ ዋጋ ከፊሉን፡፡ ፈለማ፡ ኣንጻር ናጽነቱ ክዋህሉ ዘንቀዱ ሓይልታት ብሰላማዊ መንገዲ ኣብ ውሽጢ ዓድን ኣብ ኣደራሻት ዓለምን መጕቱ፡፡ ንናጽነት ኣብ ኩሉ ኣናድዩዎ፡፡ ባህርያዊት ትዕድልቱ እንክሉ፡ ብሰብ ከም እትውሃብ ወይ ከም እትትከብ፡ ዝከኣሎ ተማሕጺኑ፡፡ ሰማዒ እዝኒ ስለዘይሰኣኑ፡ ካልእ ኣማራጺ ከናዲ ተገዲዱ፡፡ ስለ'ዚ ኸኣ ክውዳደብን ጸረ-መግዛእቲ ቃልሲ ክካይድን ሽዓ ኢሉ ነቒሉ፡፡

ቃልሲ ንናጽነት ዝተሓላለኸ መስርሕ እዩ፡፡ ቀስ-ብቐስ እናማዕበለን ተሓቚኑ ተሓቚኑ እናጸዓረን ናብ ጥርዚ ጥንካረ ከም ዝበጽሐ ኣሚኑ ግን ብኣጻብዕ ቀጽርን ብረትን ተበጊሱ፡፡ ኣሃዝ ውሑድ መንፈስ ዒቢ ምስ ዝኸውን ግዳ ኩሉ ይኽውን፡፡ ሰንቂ ክውዳእ ምኳኑ ይፈልጥ፣ ንጥሜት ከም ኣማራጺ ደርእዩ፡፡ ተተኳሲ ክውዳእ ምኳኑ'ውን ይፈልጥ፣ ንፍሱ ድርዒ ይቕይሮ፡፡ በዚታት፣ ጊዚፍ ጸላኢ ንኸስዕር ውሽጡ እናሓጸበ፡ ቃልሱ እናኣጽረየ ተጓዒዙ፡፡ ኣብ መውዳእታ፡ ደገፍ ጊዚፍ ዓለማዊ ሓይሊታት ንዘለዎ ጸላኢ ዘፍ ኣቢሉ፡ እታ ናተይ ዝበላ ናጽነት ሃገሩ ኣረጋጊጹ፡፡ ብኣመና ክቡር ማስዋእቲ፡፡

ከም ዝተባህለ፡ ሓደ-ሓደ ግዜ ኩናት መጸውዒ ሰላም እዩ፡፡ ከይደለየ ናብ'ቲ ከቢድ ዋጋ ከኽፍሎ ምኳኑ ኣረጋጊጹ ዝፈልጦ ብረታዊ ቃልሲ እዩ ዘበለ፣ ካልእ ኣማራጺ ስለዘይነበረ፡፡ ስለዝኾኑ፡ ምርግጋጽ ናጽነት በቲ ዝተሓልፈ ግብራዊ መስከፒታት እንክርኡ፡ ንፍሲ-ወከፍ ኤርትራዊ ዝጸለወን ከቢድ ዋጋ ዘኽፈለን መስርሕ እዩ፡፡ ከም'ኡ ብጣልያን ዝተገዝኡ ህዝብታት - ሶማልን ሊብያን - ናጽነቶም እናተዋህቡ፡ ብፆጴሉቕ መውሰቦ ናብ መሓዘ ዓበይቲ ሓይሊታት ገንሸል ተኸፊሉ፡፡ ኣይከውንን ኢሉ፣ ሰማዒ ስኢኑ፡፡ ሰማዒ ኣብ ዘይብሉ ምዝራብ ትርጉም ስለ ዘይብሉ፡ ማስምዒ ቋንቋ ክደሊ ወሲኑ፡፡

እቲ ጕዕዞ ነዊሕን መሪርን፣ እቲ ዋጋ ከቢድን ፈታንን ምኳኑ ኣጸቢቑ እናፈለጠ፡ ካብ መግዛእቲ ዝኸፍእ ስለዘየሉ፡ ሓሂኑ ንናጽነት ተላዒሉ፡፡ ቃልሲ ንናጽነት ብውሑድ ቀጽሪ ሰብን ብረትን ኣብ በረኻታት ከናድያ ወፈሩ፡፡ ንዋሕዱ መራብሒ ባእታ ክፈጥር ምኳኑ ኣሚኑ ኣይተጠራጠረን፡፡ ዕስራ ዕጽፊ እንተኾይኑ ዓቕሚ ኣባዩ፡ ኑበሱ ብዕስራ ከራብሓ ምኳኑ ኣሚኑ፡፡ እልቢ ኣጽዋር ዝዓጠቐ እንተ ኾይኑ ኣባዩ፡ ብከላሽን ታንክ ክማርኽ፡ ነፋሪት ክውድቕ ምኳኑ ኣሚኑ፡፡ ተግቢሩዎ ኸኣ፡፡

ምርግጋጽ ናጽነት ብመንገዲ ብረታዊ ቃልሲ ውሑዳት ዝመልከዎ ጥርዚ ብቐዓት ውዳብ ኣህዙብ እዩ፡፡ ብረታዊ ቃልሲ ዝሓተቶ ዓቕሚ ሰብ፡ ዕጥቂ፡ ኣጽዋር፡ ንቕሓት፡ ተወፋይነት ኣብ ዕላማ፡ ንእሽቶት፡ ዕድላት፡ ወዘተ. ኣመና ጊዚፍ'ዩ፡፡ ውሑድ ዝቕጽሩ ህዝቢ ኤርትራ ንሰላሳ ዓመት ኣንጻር ጊዚፍ ዝዕጥቑ ብዙሓት ዝሰቡ፡ እልቢ ዝዘራያቱ ሓይሊ ጸላኢ ገጢሙ ክዕወት ብርቂ ተራእዩ ኣብ ታሪኽ ደቂሱብ እዩ፡፡ ምግናን ኣይቒጽር ደኣ'ምበር፡ ኣብ ታሪኽ ዓለም ውሑድ መዳርግቲ ዘለዎ ቅያ እዩ፡፡ እቲ ሓይሊ ኣብ መንፈስን ኣብ ቅኑዕ ዕላማን ስለዝተሰረተ ግን እቲ መራብሒ ባእታ ኣመና ይሕይል፡፡ ንዋሕዲ ናብ ብዝሒ፣ ንንእሽቶ ናብ ዕብየት ክቕይር ዓጋቲ



የብሉን፡፡ ንቕሓት'ዩ ውሳኔ፡፡

ኣብ ዝተናውሐ ኩናት፡ እቲ ጊዚፍን ብዙሒ ዘለዎን ወገን ክዕወት ዝዓበየ ተኽእሎ ኣለዎ፡፡ ኣብ ኤርትራ ግን እቲ ኩናት እናነውሐ ብዝኸደ፡ ውሽጢ እናጸረየ፡ እናተረረ፡ እናተሓደሰ ብምኻድ - ናብ'ቲ "ዝመጽእ ይምጻእ ወራሪ ኣብ ባርዕ ሰውራ ሓረረ!" ዝብል ሓያል ሰውራዊ መትከል ተበጺሑ፡፡ እዚ መትከል'ዚ በቲ ጥርዚ ባህሊ ተወፋይነት ዝተረጋገጸ እዩ፡፡ ጊዚፍ ጸላኢ ኣብ ቅድሚኻ ኩይኑ እልቢ ዘይብሉ ኣጽዋር ኮሚሩ ጠፊእካ እናተባህለ፡ "ጸላኢ ሬሳና ረጊጹ ይሕለፍ!" ዝብል መንፈስ ክትሃንጽ፡ ትምክሕቲ ዘይኮኑ ኣብ ሰውራና ዝተረጋገጸ ባህሊ ኤርትራዊ መኸተ እዩ፡፡ እቲ ዒቢ ዛንታ፣ ዛንታ ውፉያት እዩ፡፡

ሓደ ነገር ከም ባህሊ ንኸሰርጽ፡ ክደጋገም፡ ክዝመረል፡ ብቐጻሊ ክጽወየሉ ኣለዎ፡፡ ኣብ ገለ ሕብረተሰባት ሓሶት ብምድግጋም ዝሀጽ ባህሊ ኣሎ፡፡ ዘይብልካ ክለሱ ወይ'ውን ከም ናይ ሰብካ እንክሉ፡ "ንሕና ዝበለጽና ሕብረተሰብ ኢና፣ ዒቢ ጥንታዊ ስልጣኔን ታሪኽን ኣሎና፣ መሰረትቲ ስልጣኔ ኢና!" ኢልካ ብቐጻሊ ብምስባኽን ታሪኽ ብምፍብራኽን ታሪኽ ክትሰርሕ፡ ኣንኮት ከተዕቢ ትኽእል ኢኻ፡፡ እንተኾኑ ከም'ቲ ብሽንቲ ኣናጹ ዝተሃንጸ ኣደራሽ ድምጺ ድሙ ምስ ሰምዐ ይፈርስ" ዝተባህለ፡ ሓሶት ኣብ ቅድሚ ሓቂ፣ ጽውጽዋይ ኣብ ቅድሚ ክዉንነት ምስ ቀረበ፡ ዘቕውም ዓቕሚ የብሉን፡፡

ዝዓበየ ጸጋ ህዝቢ ኤርትራ እምበኣር፡ ዘይነኖ ኮይኑ ዘይብሉ፣ ዘይናቱ ናተይ ዘይብሉ፣ ካብ ሓቅን ክዉንነትን ሰድሪ ዘይፍንተት ኣኽብሪ ሕግን ስርዓትን ብምኳኑ እዩ፡፡ ሕብረተሰብት ናብ ዓረ ዝቐየሩን ዝዕሰሉን ድሙ፡ ዝኣምኑሉ ዕላማን ነቲ ዕላማ ንምጭባጥ ዝኸፈል ክኸፍሉ ድሉዋት ምስ ዝኾኑን እዩ፡፡ እቲ ዕላማ ኣብ ሓቂ ዝተመርኮሰ ምስ ዝኸውን ከኣ'ዩ ዘይንደል እምባ ዝኸወን፡፡

ታሪኽ ፈብሪኽካ ወይ ለቓቒብካ ታሪኽ ክትሰርሕ ትኽእል ኢኻ፡ እቲ ትሰርሖ ታሪኽ ግን ወዒሉ ሓዲሩ ዝተፈብረኸ ምኳኑ ኣይተርፎን፡፡ ስለ'ዚ፡ ኣይቀውምን፡፡ ኣይቅጽልን፡፡ ክንዲ ዝገዘፍካ ግዝፍ፡ ክንዲ ዝዘዛሕካ ብዝሒ፡ ክንዲ ዝዓጠቕካ ዕጠቕ፡ ኣብ ቅድሚ ሓቅን ሰብ ዕላማን ክትቀውም ኣይትኽእልን፡፡ እንተ ኸኢልካ ኸኣ ንግዜኡ፡፡ ክትረግጽ፡ ክትግዝእ፡ ክትወርር፡ ክትጥርር፡ . . . ትኽእል ትኸውን፡፡ ክሳዕ መዓስ? ሕሉፍ ባዶ ኣንኮት ህሉው ውድቀት ዘስዓበሎም ሕብረተሰባት ብቐረባ ንፈልጥ ኢና፡፡ ሕሉፍ ትምክሕቲ ከም'ቲ ትዕቢት ንውድቀት እትቕድሞ፡ ናብ ዕንወት'ዩ ዘምርሕ፡፡

ሂትለር ዝተባህለ ጀርመናዊ መራሒ፡ 'ዓሌት ጀርመን (ኣርያን ረይስ) ዝበለጸ ዓሌት ኣብ ዓለም እዩ'ም እሞ - ጀርመናውያን ንዓለም ክገዝኡዋ ኣለዎም' ብምባል ዘለዓዓሎ ስምዒት ጀርመናውያን ዘኸተሎ ዕንወት፡ ናይ ትማሊ ሰነድ እዩ፡፡ ኣብ'ቲ ብቐንዱ ሂትለር ዝሕተተሉ ካልኣይ ኩናት ዓለም ዝሃለቐ ሰብ፡ ፍቕዲ ኣልቦ እዩ፡፡ ክትጠቕሶ ግንብንብ ዘብል ሚልዮናት፡፡ ኣብ ከባቢና ብኸም'ዚ ድሑር ትምክሕቲ 'ዝበለጽና፡ ዝዓየልና' ኣረሳሲኖም ህዝቦም ዘህለቑ ጥኑፋት ጉጅለታት ንፈልጥ ኢና፡፡

ኣብ ታሪኽ - ንህዝቢ ኤርትራ ዘጋጠሞ እዚታት እዩ፡፡ ኣብ ዝርዝራት ታሪኽ ከየተኩርና፡ ሃጼ ሃይለስላሰ መረብ ሰጊሩ ናብ መሬት ኤርትራ እግሩ ምስ ኣንበረ፡ "ኢትዮጵያ ሎሚ እምኒ ሩባ ውሒጣ!" ዝበሉ ኣዝማች ምራጭ ዝበሃሉ ኤርትራዊ ኣቦ ነይሮም፡፡ እዚ ረዚን ዘረባ'ዚ በቲ ሽዑ መን ከማይ በሃሊ ሓይሊ ጸላኢን ዘራያቱን ትርጉም ዘውሃቦ ኣይነበረን፡፡ ኣብ መንፈስ ኤርትራውያን ግን ኢትዮጵያ ነታ ብሓይሊ ገቢጣ ዝውሓጠታ ኤርትራ ፈትያ ጸሊኣ ክትተፍኣ ምኳና ዝእምት ረዚን መልእኽቲ ነይሩዎ፡፡ እምኒ ሩባ ዘይሓቅቕ ብምኳኑ፡ ምሕቃቕ ስለእትስእኖ ጥራይ ዘይኮኑት እትተፍኣ ድሙ፡ ጓሀሪ ተቐዪራ ስለእተቃጽላ እውን እዩ፡፡ እቲ ጓሀሪ ናይ ምኳን ጕዕዞ ድማ መስርሕ እዩ፡፡ ቀስ እናበለ ዝንብድበድ ማዕበል ጓህሪ፡፡

ድሒሩ ሓርበኛ ሓምድ እድሪስ ዓዋተ፡ ነታ ንጣር ቀልዒ ብረታዊ ቃልሲ ኣሸሓት ክስዕበዋን ከጕህሩዋን ምኳናም ኣሚኑ'ዩ ብፍቕዲ ኣጻብዕ ቀጽሪ ሰብን ብረትን ብረታዊ ተጋድሎ ዘፈለሙ፡፡ እቲ ጕዕዞ ቀሊል ኣይነበረን፣ ካብ ኣዳል ናብ ናቕፋ፣ ካብ ባርካ ናብ ሳሕል፣ ካብ ዓላ ናብ ሳሕል፣ ካብ ዐብል ናብ ሳሕል፣ ካብ ሰሜናዊ ባሕሪ ናብ ሳሕል፣ ካብ ሳሕል ናብ ሳሕል፡፡ እቲ ጕዕዞ ኣብ መወዳእታ ናብ ሳሕል ኩይኑ፡፡ ኣብ ኣኽራናት፡ ሰንጭሮታት፡ ኣንደራት፡ ውሓይዝ. . . ሳሕል ሰረት ናጽነት ሃገር ኩይና፡፡

"ሳሕል ከም ሃገር፡ ህዝባዊ ግንባር ከም መንግስቲ!" ተጨሪሑ ኣብ ሳሕል፡፡ ሰውራ ኤርትራ ጌና ኣብ ሜዳ ውግእ እንከሎ ኣመና ስልጡን ትካላት ዝሃነጸ፡ ሓያል ውዳብ ዘማዕበለ፡ ረቂቕ ጥበባት ዘፈልፈለ ውዱእ ዓርሞሸሽ ውድብ ፈጢሩ፡፡ ህዝባዊ ግንባር ግን ብሰናይ ድሌትን ኣብ ሓደ ረፍድን ዝተፈጥረ ኣይኮነን፡፡ መቐጸልታ ናይ'ቲ ብዙሕ ዋጋ ዝተኸፍሎ ገድሊ ህዝቢ ኤርትራ እዩ፡፡ ንቓልሲ ህዝቢ ኤርትራ ናብቲ ዝለዓለ ጥርዚ ብቕዓት፡ ንቕሓት፡ ውዳቤ ናይ ምትግባር ዓቕሚ፡ ተወፋይነት፡ ብጺይነት፡ . . . ብምዕራጕ መዳርግቲ ኣልቦ ታሪኽ ጸሒፉ - ነቲ ዝተሰለፈሉ ዕላማ ህያው ገይሩ፡ ወትሩ ብድሙቕ ቀለም ዝጸሓፍ ናጽነት ሃገር ኣምጺኡን ኣውሒሱን፡፡

ናጽነት ኤርትራ፡ ሰብ ንኽጥዕም ሰብ ዝተኸፍለሉ ረዚን ትእምርቲ እዩ፡፡



ንትማሊ ብምልኣት ንኽትርድኦ ንግዜ ድሕሪት መለስካ ኣብቲ ክዉንነት ንሓጺር ግዜ እንተ ዝነበርካ ክንደይ ምቐለለ፡፡ ኣብ ሓዊ ምጥባስ ብጾቡእ ንኽትርድኦ፡ ንኽስወጦ ኣብ ሓዊ ክትጥበስ ጥራይ እዩ ዘሎካ፡፡ ኣብ ሓዊ ተጠቢሱ ሃገር ዝሃቦካ ከማኻ ሰብ እንታይ ከም እትዕደዮ ብጾቡእ ምፍላጥ ናይ ነብርቲ ናጽነት ዝዓበየ ዕዳ እዩ፡፡ ከም ናይ ኤርትራ ብዋሕን መሪርን ተጋድሎ ናጽነት ዘምጽኣ ወለዶ፡ ነቲ ናጽነት ዘረከቦ ወለዶታት ዝእውዶ ዒቢ ሕድሪ ኣሎ፡፡

ከም'ቲ ሓርበኛ ኣቦና ወልድኣብ ወልደማርያም ዝበሉዎ፡ "ዛ ዘውዲ እዚኣ ዝትንክያ ወይልኡ!" ዝብል ወለዶ ወትሩ ክፍጠር ኣለዎ፡፡ እዚ ድማ ድሕሪ ናጽነት ኣብ ዝሰዓበ ምዕቃብ ልኡላውነት ብዓቢ ማስዋእቲ ተረጋጊጹ እዩ፡፡ ኣብ ዝሰዓበ ወፍሪ ምዕጋስ ዕንደራ'ውን በርቃዊ ታሪኽ ሰሪዱ፡፡ ስለ'ዚ ኢና ኸኣ እቶም ኣብ ናጽነት እንኹብር፡ ወትሩ ዋጋ ናጽነት ኣብ መንፈስና ወቒርና ክንንዓዝ ዝግባእና፡፡ ነቲ ዋጋ ብቐጻልን ብዕምቀትን ምስ እንዝክሮ ኢና ኸኣ - ዋጋ ሰላምና ክስወጠና ዝኽእል፡፡

ብኽቡር ዋጋ ዝመጽአ ናጽነት ብኽቡር ዋጋ እዩ ዝሕሎ፡፡





# “ውሕስነት ሰላም ብመኸተ!”


















ዲዛይን - ታእዛዝ ኣብርሃ
ስእሊ - ታእዛዝ ኣብርሃ
ክብሮም ጻሃየ
ኣክሊሉ ዘርእዝጊ
ሳልሕ ዓብደልቓድር

## ደቂ መ'ኸተ!

እምባታት ማዕበል እንተመጹ
ምድረ-ሰማይ ዘናውጹ
ንደቂ መ'ኹተ መኣስ ይገርመና
መ'ኹተ እንደኣሉ ባሕርና

እንተደሌና ንሕምብሰሉ
እንተደሌና ንጉዓዘሉ
ባህ እንተበለና ዓሳ ንገፈሉ

ኣሸንኳይዶ ሎሚ መንጉድና ሰዊድና
ድርዒ ሓጺን ኩይንና
እቲ ቀደም እኳ ንጉሆ
ዝበልና ብድሆ

ዓለም ብምልእታ
ኣዒንታ ከፊታ
ሎሚ ጠፍኡ
ተወድኡ
እናበለት ከላ
ተዓጂባ ብጓይላ ዳንኬራ
ዋዕዋዕታ ፈ'ኸራ

ንሕና ግን ተሳሒልና
ማዕረ መላጸ በሊሕና
ን'ኹሉ ሰጊርና

ሎሚ ደኣ ንሕና
ንዘተብደሉ ማይ ራህዋ ነሰቲ
ኳ'ኹቶ ኣሊና ነንጽፈሎም ሰቲ
እንተ ንዓመጽቲ
ን'ኾኖም ዓለ'ቅቲ

ጉዕዞና ጉዕዞ ሓቂ
መ'ኹተውና መ'ኹተ ፍትሒ
ዝሰዓረ ምዕራብን ምብራ'ቅን
ዘምበርከ'ኸ ትዕቢትን ትም'ክሕትን

መ'ኹተን ብድሆን
እስከ ሕተትወን
ብዘይካና መን ዋና ኣለወን
ዓራርብ ዝሰረን
ደንደን ዝዘሩኻን

ነገር ጸማም ሓደ ደርፉ
ክሳዕ ማይ ዝጸምኡ እንተለፍለፉ
ኣብ ፈ'ኸራ ናበይ ከይሓልፉ

እወ እቲ ገመል
ጉዕዞኡ ይ'ቕጽል
ቡቲ ነዊሕ መሓውሩ
ምድረ-ቡዳ ሰጊሩ
ሰናጢቑ ሑጻን ኣ'ኻውሕን
ግራጭን እሾ'ኽን

ውዲ ድሙ
ከም ቀደሙ
ሽዑ ምስ ሓርቡቶም
ክመጹ እዮም
በትሮም ኣቐሚጦም
እናተመጻደቑ ሽማገለ ኮይኖም
መጽሓፍ ቅዱስ ጸይሮም
ቁርኣን ተ'ኾልኪሎም
ከምኡ እዩ ኣመሎም

ክዝሕለካ ብኢድካ
ክውዕየካ ብማንካ
ዝኸደየ ፖለቲካ

መ'ኹተና ወትሩ ይሰዕር
ኣብ ቅድሚኡ መን ደው ክብል
እንተበለ ከኣ ይሰዓር ይሓፍር
ሰውራ ሳሕል ነዚ'ዩ ዝምህር።

**መም/ልጃም ተስፋይ ወልደጋብር**
**ኣስመራ**

## ጸበል ጽንዓት

ኣብ ገሲጋስ ናብ መድረ'ኽ ትንሳኣ
ቃልሲ ንትግባረ ንናይ ትማሊ ሱባኤ

ኣብ'ዚ ጉዕዞ ሃዲእና እን'ኸድ
ብርሃጽና እንዓዩ፡ ጽባሕ ን'ኽንነግድ

ወትሩ ጽብጽባሕ፡ ኣንጻር ኩሉ ኣባይ
ማሕለ'ኻ ክንበት'ኽ መፈንጥራ ሰቓይ

ጸበል ኣሎ ኣብ ደምና
ኣብ ልቢ ልብና

መንፈስና ከይርበሽ ብምልኣት ክንዓዪ
ብሓቦ ኣብራ'ኽና ሰሚርና ክንነዪ

ኣብ'ቲ ንናጽነት ንያትና ዝተጓዕዞ
ንዝናብ ሕሰምና ከም ዛራ ማይ ዘውሓዞ

እዋን ኣብ ዘይብሉ ለይቲ ኩነ ቀትሪ
ብናይ ሓባር ኣውታር ቅኒትና ከነመዓራሪ

ሳላ'ቶም ሰማእቲ ቅብኣ ሚሮን ደሞም
ጸበል ዝ'ኾኑና ብዓጽመ ሲጋኦም

ኣብ'ቲ ጸማም ኣድማስ ብርሃን ዝተሓድጎ
ኣብ'ቲ ባዶ መዋእል ሩፍታ ዝተነፍጎ

ትንፋስ እናሓተተ እምባ ሰናጭሮ
ብጎነጽ ኣጽዋር ክግማዕ ተፈጥሮ

ንምድርን ሰማይን ዘርመመ ፍጻመ
ንውዕሎ ናጽነት ድምር ዝተደ'ኽመ

ሳላ ጸበል ጽንዓት እቲ መግቢ ገድሊ
ምሩጽ ዕጣን ታቦት ናይ ብሉጻት ዕምሪ

ኑቲ ካዕቦ ምስጢር ዝዓቖረት ልቢ
ሰነዳ ባሕሪ ዝንቡብ ብ'ኹበሪ

ምስ'ቲ ባሕሪ ኩቡዲ በጨ'ቕ ኣልቦ ዓ'ቕሊ
ምስ'ቲ ኩምራ ጽንዓት ናይ ምጽማም ሓይሊ

ሳላ ዝቐመስና ካብ'ቲ ጸበል ጽንዓት
ሰዊድና ንሓድር እና'ኸፈልና ሂወት

እምበር! ኣዒንቲ እዘን ኣዒንትና
ብዙሕ ዝቐንዘዋ ብፈይታ ደሮና

ክንዮ ደረት ትርኢት መዓስ መስተብሃላ
ቡቲ ግመ ባሩድ ፍጹም ከይተዳህላ

ገለ እንተዘውክኣ ክኢለን ዘረባ
ኣብዚ ፍሱህ ቅነ እንታይ ኮን ምበላ

እወ! እንግድዓ እዚ እንፈልጦ ሕቖ
ጉልበት ሰብ 'ህንጥሸው' ዘሕምቖ

ምጸሮዶ ነይሩ ኣውሊዕ ጥሉል ጉንዲ
ኣ'ኻውሕ ነዲሉ ክ'ኹዕት ጎዳጉዲ

ሳላ ዝኣሰረ ማዕተብ ካብ'ቲ ጸበል
ሱባኤ ዝኣተወ ንምሉእ መዋእል

ከይንሓሱብ ኣብ እንቶሽ ባዶሽ
ከይንሰረት ኣብ ባዶ ሃደሽደሽ

ኑብስ-ሲጋና ብዊንታ ከይዝረዕ
ብኑብሰ-ፍትወት ውሽጥና ከይብላዕ

ንምዓጉ ካብ'ቲ ጸበል ንስተዮ በጽቢጽና
እቲ ድ'ኹዒ ሰማእቲ ካብ ሓመድ ፈሊና

ኣለና እንድዩ ጸበል፡ ጸበል ጽንዓት
ሂወት ዝተቐለበ ናይ ሓረግ ወሎዶታት

ወሃቢ ብርታዐ ዘይመክን መድሃኒት
ኣብ ዝ'ኸሪ ኣወጢሑ ዝወስድ ብእምነት

ን'ኹሉ እቲ ዝገጥሞ ናይ ገድሊ ሰሃሮ
ትንፋሱ እናመነነ ዘርብሖ ብዜሮ

ዋዛ ከይመሰልና ንቡር ሓመድ ምድሪ
ጸበል ሓርበኛነት'ዩ ጸበል ሕድሪ
ጸበል ጽንዓት'ዩ ጸበል ፍቕሪ
ጸበል ራኢ'ዩ ጸበል ጻዕሪ

ምስጢር እኮ'ለዎ ንውሽጥና ዝገንሕ

## ዘሚርና ስለ'ኺ

ኣብ መዋእል ከሪምና
ደሊና ሃሪፍናኪ
ናጽነት ኢልና
ዘሚርና ስለ'ኺ
መቑሕ ኮይኑና ዘመን
ሓይሉና መድረ'ኽ
ርእስና ከነድንን
ሕራይ ኢልና ክንብርከ'ኽ
ዕጭ ሓንፈፍና
ደቂ ሓንቲ ልቢ
ናጽነት ኣምጺእና
ተበሲርና ዓርቢ
ምእንታ'ኺ'ዩ ኩሉ
ዝተ'ኸፍለ ዋጋ
ኩብርትን ሕፍርትን
ክትትኒ
ኣይኣተናልክን ዋጋ ዕዳጋ
ንስ'ኺ ኢ'ኺ ረዚንይ
ጎይታ ርእሲ ኩለን
ብዋጋ መስዋእት'ኺ'ዩ
ተረ'ኺቡ ኦፎይታ ሓበን
ኩሉ ኢ'ኺ ንስ'ኺ
ናብራን ምንባርን
ባና መጻኢት
መስተርሆት ሰላምን
ፍ'ቕርን
ድሕረ'ኺ የለን
ንሕና ንሰርያ
ሕቡናት ኢና ብኣ'ኺ
ንስምኪ ክንጽውያ
ዝመጸ ይምጻእ
ኣብ ኣሰርኪ'ለና በርሄ
ጸልመተ
መትከል ሓይልኪ እንዲዩ
ፈጢሩልና ውሕስነት
ሰላም ብመ'ኹተ።

**ምስግና ተ'ኽላይ (ዋርሳይ)**
**ሓይሊ ባሕሪ ጉጅለ ባህሊ**
**ኣውካን**

ፍኖተ ቁልዒ ኣለዎ
ንራኢና ዝመርሕ

ልብና ኣይቃድር
ኣይንተሓሰም ሽበን
ጥብቆ ከይን'ኸውን
መመላእታ ዘመን

ኑቲ ጸበል ጽንዓት እቶም
ትፈልጡ ጣዕሙ
ብስም ወልድ ሰማእቲ
ዕዮ'ኹም ክትዓሙ

ንፈይዎ እቲ ሓመድ ክፍለ
እቲ ድርቂ
ብስም ወልድ ሰማእቲ
ክዝየም እቲ ቋንቋ

ንዕሞኮ'ቲ ጸበል ብድድ
ኢልና ንግሆ
ንስገድ ናብ ትርኢቱ ልብና
ከንጽሆ።

**መም/መሪሕ ክፍሎም**

# ሓሳባት

## ሕብረተሰባት ካበይ ናበይ ብኸመይ?

<u>6ይ ክፋል</u>
<u>ሲራክ ክፍለ</u>

*ኣብ ዝሓለፈ ክፋል ናይዚ ጽሑፍዚ ብዛዕባ ማሕበረሰብ፣ ማሕበራዊ ኣምራትን ሓሳባትን፣ ስሰኣዊ ማሰል ብኣመላኻኽታ ለበራላውያንን ጺጋማውያንን፣ ጸልዋ መራኸቢ ብዙሓንን ኣክቲቪስቲን ከም ኡ'ውን ተራ ቋንቋን ልምድን ሕብረተሰባት፣ ድኅም ኣፍሪቃውያን ጸሓፍቲን ምዕራባዊ ኣምራት ፖለቲካ ኣብ ዘይባታኡ ናይ ምርዓም ሃቓን ገለጻና ነይርና። መቐጸልታኡ ደሰኡ-*

**ምቕዳሕ ማሕበረ-ቁጠባዊን ፖለቲካዊን ሓሳብ**

ምዕራባውያን ጸሓፍቲ፡ ብዛዕባ ቁጠባዊን ፖለቲካዊን ጉዳያት ክጽሕፉ ከለው ከም መበገሲ ዝወሰድዎ ማሕበራዊ ኣቃውማን ዝምድናን ሕብረተሰብ እዩ። መብዛሕትኦም ከኣ ንኣቃውማን ዝምድናን ማሕበረሰብ ኣብ ሰለስተ ይኸፍልዎ- 1) እንዳዊ ማሕበረሰብ 2) ማሰፍናዊ ማሕበረሰብ 3) ደርባዊ ሕብረተሰብ (ርእሰማልነት)።

**እንዳዊ ማሕበረሰብ**

እንዳዊ ማሕበረሰብ ካብ ቦታ ናብ ቦታ ዝፈላለ ኮይኑ፣ ኣብ ወሰኑን ቦታ ብዙሓቱ ሓረስቶትን ካብ ቦታ ናብ ቦታ እናተንቀሳቐሱ ብመጻሰ ብዙሓቱ ሰበኽሶሮምን ዝቐመ እዩ። ሓድሕዳዊ ርክባትን ግጭትን እንዳታት ጎደቦ ንበር ኮይኑ፣ ዝዓበየ ክፋል ታሪኽ ወዲሰብ እዩ። ቀንዲ መዋቕራዊ ቅርጺ ማለት ደንቢን ጸጋን (rules and resources) እንዳዊ ሕብረተሰብ፣ ንወለዶታት እናተወራረሰ ዝጸንሐ፣ ኣብ ልምድን ዝምድናን እንዳ ዝተሞርከሰ እዩ። ኣብ እንዳዊ ማሕበረሰብ ኣብ መንጎ ማሕበራዊ ዝምድናን ማሕበራዊ ስርዓትን ዳርጋ ፍልልይ የለን። ዝተሃንጸ ልሙድ ስርዓት ዘይምኽበር ንመላእ ሕብረተሰብ ዘይምኽበር ተቐጺሩ ካብ ሕብረተሰብ ምንጻል የስዕብ። ንህላውነት ኣብ ሓደጋ ከብጽሕ ዝኽእል ሳዕቤናት ድማ ክህልዎ ይኽእል።

ኩሉ እንዳዊ ማሕበረሰብ ሓደ ኣይኮነን። ገለ እንዳዊ ሕብረተሰባት ብስጋ (ደም) ዝተኣሳሰሩ ኮይኖም ዓቢዩቲ እንዳታት ከኣ ቀረባ ስጋዊ ምትእስሳር ዘይብሎም ክንሶም ምትእስሳር ከምዘለዎም ይሓስቡ። ገለ እንዳታት ብጽሑፍ ዝተሰነደ ሕጊ እንዳዊ ልምዳታትን ክህልዎም እንከሎ፡ ገለ ከኣ ብኣፈ ታሪኽ ካብ ወለዶ ናብ ወለዶ ብዝሰጋገር ሕግታት ይምርሑ። ኣባላት እንዳዊ ሕብረተሰባት ንኹሉ መጎበርቲ ማሕበረሰቦም ከም ውልቃዊ ተመኩሮ ይወስድዎ። ብዚሕ ኣባላት እንዳ ውሑድ ብምኳኖም፡ ኣብቲ ማሕበረሰብ ዝተጎበረ ወይ ዝተዘርበ ዳርጋ ኩሉ ይሰምዖን ከም ተሳታፋይ ዝበረ ይወስድኦ። እዚ ጥራይ ዘይኮነ እንዳዊ ሕብረተሰባት ናይ ቀደማይም ዝበሩ ወለዶታት ተመኩሮ ከም ናቶም ይርእይዎ። በዚ ከኣ ዋላ ቀደሚ ኣማኢት ዓመት ዝበረ ግርጭት እንዳታት፡ እቶም ዝሰዕቡ ወለዶታት ከም ናይ ግዜኦም ግርጭት ገይሮም ይርእይዎ። እዚ ተርእዮ'ዚ ኣብ ኤውሮጳ ነይሩ፣ ኣብ ገለ ከባቢታት ዓለም ድማ ክሳብ ለሚ ኣሎ።

ኣብ ማእከላይ ዘመናት ስ ጸሐፍ ማዕበል፣ ሓደሽ ተክኖሎጂ ሕርሻ ትርፊ ኣታዊታት ፈጢሩ፣ ቁጠባዊ




ዕቤት ከምጸእ ጀሚሩ። ትርፊ ኣታዊ ብዘይምዕሩይ ኣገባብ ክምቀል ምስ ጀመረ ከኣ ደርብታት ተቐልቀሉ። ዘይምዕሩይ ኣታዊታትን ዋንነትን በብቐሩብ ኣብ ማሕበረሰብ ነውጺ ከኸትል ምስ ተራእየ ከኣ "ውልቃዊ ዋንነት" ዝቆጻጸርን ስርዓት ዘረጋግጽን መንእታዊ ቅርጺ መንግስቲ ክምዕበል ደረኸ። ዓቢ ሃብቲ ናይቲ እንዳ ዝቆጻጸሩን ዝሕልዉን ኣብ ማእከል ወለዶታት ጎይቶት (Lords) ተባሂሎም፡ ምስ ናይ ጎደቦ እንዳታት እናተዋሰቡ ሓይልን ምትእስሳርን ኣስፊሖ። ኣብ ዘመናት ዝወሰደ ማእከል ከኣ እንዳዊ ሕብረተሰብ ብማሰፍናዊ ሕብረተሰብ ተተኪኡ።

ቀንዲ መለለዪ እንዳዊ ሕብረተሰብ እዚ ዝስዕብ'ዩ- 1) ዝምድና ሰባት ኣብ እንዳ ይምርኮሰ 2) ስርዓት ኣብ ልምዲን ሕጊን እንዳ ይህዝ 3) ኣባላት ማሕበረሰብ ብልምድን ክብራታትን እንዳ ይቕየዱ 4) ካብ ልምድን ክብርን እንዳ ምልጋስ መቐጻዕቲ እገዳን ምንጻልን የስዕብ 5) ቁጠባ ሕብረተሰብ ብቐንዱ ኣብ ሕርሻ ዝተሞርኮሰ ኮይኑ 80-95% ዜጋታት ብቐጥታ ወይ ብዘዘዋዋሪ ብሕርሻ ይናበሩ 6) ማሕበራዊ ዝምድና ሰባትን ማሕበራዊ ስርዓትን ዝተኣሳሰረ ኮይኑ፡ሓደ ካብቲ ሓደ ፈሊኻ ምግላጹ ኣሸጋሪ'ዩ።

**ማሰፍናዊ ማሕበረሰብ**

ማሰፍናዊ ማሕበረሰብ ካብ ቦታ ናብ ቦታ ብዙሕ ዝፈላለ ኮይኑ፣ ደንቢን ጸጋን ዝገልጽ ቀንዲ መዋቕር፡ ኣብ መንጎ ገጠርን ከተማን ዘሎ ዝምድናን ፍልልይን እዩ። ኣብ ማሰፍናዊ ማሕበረሰብ፡ መጎበርቲ ገጠር ብቐንዱ ኣብ ሕርሻ ዝምርኮሰ ኮይኑ፣ ዝምድና ሓፋሽ ኣብ እንዳ ዝተመስረተ'ዩ። መጎበርቲ ከተማ ኣብ ምኽዛንን ምምስራሕን ሕርሻዊ ፍርያትን ንግድን ዝምርኮሰ ኮይኑ፣ ምፍራይ ሃለኽቲ ነገራት፡ ምስናዕ'ውን ምስ ግዜ ማዕቢሉ'ዩ። መንግስታዊ ትካላትን ኣብኡ ዝሰርሑ ሰባትን ኣብ ከተማ ዝሰፍሩ ብምዃኖም ድማ ንኣገዳስነት ከተማ ኣዕቢዝዎ።

ኣብ ግዜ እንዳዊ ማሕበረሰብ ብሓረስቶት ዝውሃን ዝበረ መሬት፡ ኣብ ግዜ ምስግጋር ናብ ማሰፍናዊ ማሕበረሰብ (ዝዘመናት ዝኸደ ማእከል) በብቐሩብ ብቶም ጎይቶት እናተመንዘዐ ሓያሎ ሓረስቶት መሬት ኣልቦ ኮኑ። በዚ ድማ ኣብ መንጎ ሓፋሽን ጎይቶትን፡ ኣብ መንጎ ጎይቶት ንሓድሕዶም ብዙሕ ግርጭትን ኩናትን ክኽሰት ተራእየ። ኣብ ኩናት ዝተሳዕሩ ጊላታት ይኾኑ፣ ዝሰዓሩ ዝሰፍሐ መሬትን ሓይልን ይድልቡ። ዝሰዓሩ ጎይቶት፡ ንዝተሰዕሩ ጎይቶት መሬቶም ይምንዝዑ። ገለ ክፋል ከኣ ዝመንዝዕዎ መሬት ከኣ ንቤት-እምነት ይህቡ ነበሩ። ኣብዚ መድረኽ ቤት-እምነታት ምስ ዝሓየለ ብምጽጋዕ ርግኣት ኣብ ምምጻእ ዓቢ ተራ ይጻወታ ነይረን። ሓፋሽ ንኽይለዓሉ፡ 'ባህርያዊ ሕጊ' ክቕበል ይምህራን ማሕበራዊ ኣገልግሎት የበርክታ።

ኣብ ግዜ ማሰፍንነት፡ ዝተማልአ ማሕበራዊ ኣገልግሎት ዝህብ መንግስቲ ኣይነበረን። ኣብ ማሰፍናዊ ማሕበረሰብ ቀንዲ ዕማም መንግስቲ፡ ምርግጋጽ ጸጥታ፡ ምሕላው ውልቃዊ ንብረት፡ ሓላሊፉ ከኣ ብወፈራ ትሕተ ቅርጺ ምህናጽ ጥራይ እዩ። ቤት-እምነት ከኣ ኣብ ልዕሊ መንፈሳዊ ትምህርቲ፡ ኣካዳምያዊ ትምህርቲ፡ ሓለዋ ጥዕና፡ ናይ መግቢን ካልእን ሓገዝ፡ ምስራሕ ትሕተ-ቅርጺ (ብወፍሪ)፡ ይምውልን የትግብርን። ኣብ ገለ ናይ ምዕራብ ሃገራት ከምዚ ዓይነት ማሕበራዊ ኣገልግሎት ናይ ቤት-እምነታት ክሳብ ለሚ ኣሰሩ ኣይጠፍኣን። ኣብ ብዙሓት ናይ ኣፍሪቃ ሃገራት ካብኡ ዝመጸ ጽልዋ እናሰፍሐን እናዓሞቐን ይኸይድ ኣሎ። ቤት-እምነት ዝህቦ ማሕበራዊ ኣገልግሎት ግን ንወሰኑን ክፋል ሕብረተሰብ ብምዃኑ ካብ ረብሓኡ ኣሉታዊ ሳዕቤኑ ክዓቢ ይኽእል እዩ።

ኣብ ግዜ ማሰፍንነት መንግስቲ ንሓፋሽ ማሕበራዊ ኣገልግሎት ዘይቶቕርብ ብምንባሩ፡እንዳዊ ዝምድና ንዝሓለ ዘመናት ቀጺሉ እዩ። ዝኸና ማሕበራዊ ኣገልግሎት ዘይትቕርበሉ ህዝቢ ከኣ ከተመሓዳደሮ ቀሊል ኣይኮነን። በዚ ከኣ ሓፋሽ ብፍላይ ኣብ ገጠር ዝነበር ሓፋሽ ናዕቢ ክልዕል ባህርያዊ እዩ። ኣቓዲምና ዝጠቐስናዮ ሰውራ ፈረንሳ፡ ብፍላይ እቲ ኣብ ገጠር ዝበረ ህዝቢ ምስ ጠመየ ዝጀመሮ እዩ። ማሰፍናዊ ስርዓታት ጠንቂ ናይ ሓፋሽ ናዕቢ ተረዲኦን ንህዝቢ ኣገልግሎት ኣብ ክንዲ ምቕራብ፡ ናብ መቐጻዕቲ ኣምሪሐን። እዚ ከኣ ነቲ ጸጥታዊ ሓይለን ከም ዘዕቢያ ገይሩወን። ህዝቢን ክቕጽዓ ዘዕበያኦ ሓይሊ፡ ኣብ ተመኩሮ ሰውራ ፈረንሳ ከም ዝጠቐስናዮ፡ ጸሊሑ ምስ ኀሪቡዘን ኣብ ውግእ ሸሚሙ፣ ነዊሕ ክይጸንሐ'ውን ኣብ ምውራር ኣፍሪቃን ካልእን ኣምሪሑወን።

ማሰፍናዊ ስርዓት ነቲ ኣብ እንዳዊ ማሕበረሰብ ዝበረ ምትእስሳር ዝምድና ሰባትን ማሕበራዊ ስርዓትን በብቐሩብ ኣህሲሱዎ። ንማሕበራዊ ዝምድና ካብቲ ቁጠባውን ፖለቲካውን ዝምድናታት ብመጠኑ ከምዝፈላለ ገይሩዎ። ሓደ ካብቲ ቀንዲ ጸገማት ኣፍሪቃ፡ምህናጽ ሃገራውነትን ምዕዋት ሃገራዊ ፕሮጀክታትን ማሕበራዊ ዝምድና ሰባትን ማሕበራዊ ስርዓትን ጌና ስለ ዘይተፈላለየ እዩ። ንኣብነት ሓደ ካብቲ ቀንዲ ጸገም ምምዕባል ደሞክራሲ ኣብ ኣፍሪቃ ሰባት ንተወዳደርቲ ውልቀሰባትን ሰልፊታትን ብሓሳብን ፕሮግራምን ኣብ ክንዲ ዝመዝኑዎም ብረብሓ ማሕበራዊ-ጉጅለ ስለዝርእይዎም እዩ። ብልሽውና ዝሰንብበ'ውን ብቐንዱ ሃገራዊት ምስ ዝናኸዎ እዩ። ሰባት ብጸቢብ ረብሐኦም ይሓስቡ፡ ማሕበራዊ ጉጅለ ድማ ይከላኸለሎም። እቲ ዘሕዝን ካብዚ ውልቀሰባት እንትዘይኮይኖም ማሕበራዊ-ጉጅለታት ዝረኽብኦ ረብሓ የለን። እዚ ክቡል ከሎ ግን ኣብ ርእሰማላዊ ስርዓት ብልሽውና ይኹን ዘይቅዋዕ መርጫ የለን ማለት ኣይኮነን።

እዋን መቐያየሮ ካብ ማሰፍናዊ ስርዓት ናብ ደርባዊ ስርዓት፡ ዘመናውያን ሃገራትን መንግስትን ቅርጺ ዝሓዝሉ እዩ። ኣብዚ መድረኽዚ - ዘመናት ክወስድ ዝኽእል - ሃገራት ንጹር ዶብ ሃልዩወን፡ መንግስቲ ባዕሉ ክንጾ ጸጥታን ምሕላው ብሕታዊ ንብረትን ንህዝቢ መሰረታዊ ማሕበራዊ ኣገልግሎት (ቀረብ ማይ፡ መግቢ፡ መጽለሊ፡ ሕክምና፡ ትምህርቲ ወዘተ.) ከረጋግጽ ይጀምር፣ ሕግን ስርዓትን ይሕሉ፣ ዝበደሉ ይቕጽዕ፣ ኣብ ትሕቲ ሕጊ ማዕርነት ዜጋታት ከውሕስ ይህቅን። ብዓብዪ ክሳብ ክንደይ ይትግበር ኣብ ዝቕጽል ጽሑፍና ክንርኢ ኢና።

ቀንዲ መለለዪ ማሰፍናዊ ሕብረተሰብ፡ 1) ናይ ሓፋሽ ዝምድና ኣብ እንዳ ይምርኩሰ 2) ስርዓት ኣብ ሰለስተ ደምበታት ዝተሃንጸ ይኸውን (እምነት፡ ጎይቶት፡ ሓፋሽ) 3) እምነት ኣብ ልምዲን ሕጊ እንዳን መጎበርቲ ሓፋሽን ዓቢ ጽልዋ ሃልዩዎ፡ በቲ ናይ "እምነት ደንቢ" ይምራሕ 4) ፖለቲካዊን ጸጥታውን ሓይሊ ኣብ ትሕቲ ቁጽጽር ናይ "ጎይቶት ደንቢ" ይኣቱ 5) ከተማታት የስፋሕፍሑ፣ ፍልልይ ኣብ መንጎ ከተማን ገጠርን ይዓቢ 6) ብመጠኑ ቁጠባዊ ምትእስሳር ኣብ መንጎ ከተማን ገጠርን ይፈጥር 7) መጎበርቲ ሓፋሽ ኣብ ሕርሻ ዝምርኮሰ ኮይኑ፣ ቁጠባ ብመጠኑ ኣብ ምስናዕን ንግድን ይምርኮሱ፡ ልዕሊ 70% ዜጋታት ብቐጥታ ወይ ብዘዘዋዋሪ ብሕርሻ ይናበሩ 8) ማሕበራዊ ዝምድና ሰባትን ማሕበራዊ ስርዓትን ብመጠኑ ይፈላለ።

**ደርባዊ ማሕበረሰብ (ርእሰማልነት)**

ደርባዊ ማሕበረሰብ ወይ ርእሰማላዊ ስርዓት ከም ባህርያዊ ወይ ዘንምታዊ መቐጸልታ ማሰፍናዊ ማሕበረሰብ ገይርካ ምግላጹ ልሙድ ኮይኑ፣ብዓብዪ ግን ከምኡ ኣይመስለን። ከም ዝፍለጥ ማሰፍናዊ ስርዓት ኣብ ሓደ ፍሉይ ከባቢ (ሃገር) ዝሕጸር ኮይኑ ርእሰማልነት ግን ብዶብ ሃገራት ዘይሕጸር ዓለምለኻዊ መልክዕ ዘለዎ እዩ። ርእሰማላዊ ሕብረተሰብ ካብ ቅድሚኡ ዝበረ ማሰፍናዊ ስርዓት ዝፈልዮ ብውሑድ ሰለስተ ረቛሒታት ኣለዉ፦

1) እንዳዊ ዝምድና ሃሰሱ መሰረታዊ ኣሃዱ ሕብረተሰብ ስድራቤት ትኸውን።

2) ኢንዱስትሪ ኣብ ምምስራሕ ሕርሻዊ ፍርያት ጥራይ ዘይኮነ ኣብ ካልእ ዝተሰሰነ ነዊሕ ግዜ ዝጸንሕን ፍርያት፡ ንኣብነት ኣጭርቕቲ፡ ኣልክህላዊ ማስተ፡ ፍርያት ዕንጸይቲ፡ ሓጺንን ኤሌክትሪክን ብምስፍሕፋሕ፣ ኣዝዩ ልዑል ትርፊ ፍርያት (surplus value) የኻዕብት። ከምዚ ዓይነት ልዑል ትርፊ ፍርያት ክንጸ ጠለብ ዕዳጋ ሃገርን ጎደቦ ከምዝብ ዝኽእል ብምዃኑ ናይ ርሑቕ ዕዳጋ የድምት። ምስዚ ድማ ሓደሽቲ ግን ምስ ዓቕሚ ምፍራይ ሃገራት ዝሰማማዕ፡ ፖለቲካዊ ኣምራት "ሃገራዊ ፍርያት ምክልኻል" (Protectionism)፡ "ናጻ ዕዳጋ" ዝበሃሉ ኣምራት ይምዕበሉ። (እዚ ኩነት'ዚ ፈለማ ኣብ መንጎ ሃገራት ምዕራብ ኤውሮጳ ሓድሕዳዊ ውግእ፣ ጸኒሑ ከኣ ወረር ኣፍሪቃን ካልእ ከባቢታትን ዘሰዓበ'ዩ)።

3) ኣብ ርእሰማላዊ ስርዓት ውልቃዊ ንብረት (private property) ኣብ ውሽጢ ሓደ ሃገር ጥራይ ዝሕጸር ዘይኮነ ኣብ መላእ ዓለም ይዝርጋሕ፣ በዚ ድማ ከምቲ ኣብ ውሽጢ ሃገር መንግስቲ ውልቃዊ ንብረት ዘውሕስ፡ ብደረጃ ዓለም ውልቃዊ ንብረት ዘውሕስ ሓወሲ ዓለማዊ መንግስትን ሕጋጋትን ስርዓትን 'ኣድላይነቱ' ርኡይ እናኾነ መጺኡ፣ ውልቃዊ ንብረት ዘውሕስ ብዙሓት ኣህጉራዊ ውድባት ተመስሪተን።

ኣብ ደርባዊ ሕብረተሰብ፡ ኣብ መንጎ ገጠርን ከተማን ዝበረ ፍልልይ ዳርጋ ጨሪሹ ጠፊኡ፣ ቀጥታ ብሕርሻ ዝናበሩ ሰባት ቁጽሮም ከቢ 5% እንተበዚሐ ከኣ ኣብ ገለ ሃገራት 10% ዘይበጽሕ ኮይኑ። ሕርሻ'ውን ኢንዱስትርያዊ መልክዕ ሒዙ፡ ቀንዲ ወሃንቲን ኣፍረይትን ውሑዳት ንግዳዊ ትካላት ወይ ስድራቤታት ኮይኖም። ኣብቲ ሕርሻ ዝሰርሑ ከኣ መብዛሕትኦም ግዜ ካብ ሰጋር ዶብ ዝመጹ ናይ ወቕቲ ሰራሕተኛታት ኮይኖም።

ኣብ ደርባዊ ስርዓት እንዳዊ ማሕበራዊ ዝምድና ጠፊኡ ብሓደሽቲ ማሕበራዊ ውዳበታት ንኣብነት ማሕበር ደቀንስትዮ፡ ማሕበር ሰራሕተኛታት፡ማሕበር ኣሰራሕቲ፡ ማሕበር መንእሰያት፡ ማሕበር ኣፍረይቲ ትካላት፡ ፖለቲካዊ ሰልፊ፡ ደገፍቲ ጋንታ ስፖርት ወዘተ. ተተኪኡ። እዚ ማሕበራዊ፡ ፖለቲካዊ፡ ቁጠባዊ ውዳበታት ንጹር ዶብ ዘለዎ ዘይኮነ ዝተሓዋወሰን ንዝተፈላለየ ነገራት ዝዓለመን እዩ።

ኣብ ርእሰማላዊ ስርዓት መንግስቲ ድልዱልን ስርዑን ጸጥታውን ማሕበራውን ኣገልግሎት ናይ ምቕራብ ዓቕሚ ስለዘለዎ፡ ተራ ቤት-እምነታት ብቐንዱ ኣብ መንፈሳዊ ትምህርቲ ዝተሓጽረ እዩ። ኣብ ገለ ውሑዳት ሃገራት፡ ንሱ'ውን ብወሰኑን ደረጃ እንተዘይኮይኑ፡ ማሕበራዊ ኣገልግሎት ብሃይማኖታዊ ትካላት ጨሪሹ ተረፉ'ዩ።

ደርባዊ ስርዓት ካብ ቅድሚኡ ዝበረ ማሰፍናዊ ስርዓት ካልእ ፍሉይ ዝገብሮ፡ ስሩዕኣካይዳን ምክትታል መጎበርቲ ዜጋታትን እዩ። ቆጸራ ብዝሕን ዝርጋሐን ህዝቢ፡ ኣታዊታት፡ ደረጃ ትምህርቲ፡ ጸጥታ ወዘተ. በበዝሕኡን ብጽሬት ኣብ ስርዓት ምሕደራ ምጥቃምን ተጀሚሩ። ከምዚ ዓይነት ዳታን ካብኡ ዝርከብ ሓበሬታን ቁጠባውን ማሕበራዊን መደባት ኣብ ምውጻእን ምምሕዳርን ኣዝዩ ሓጋዚ ኮይኑ።

ቀንዲ መለለዪ ደርባዊ ሕብረተሰብ 1) ስድራቤት ከም ባህርያዊትን መሰረታዊትን ኣሃዱ ሕብረተሰብ 2) ስሩዕኣካይዳ (Routinization) 3) ምክትታል መጎበርቲ ዜጋታት (Surveilance) 4) ምእታው ፖለቲካዊን ጸጥታውን ሓይሊ ኣብ ትሕቲ መንግስቲ 4) ምስፋሕ ቁጠባዊ ምትእስሳር ኣብ ውሽጢ ሃገርን ብዓለም ደረጃን 5) ቁጠባ ሕብረተሰብ ብቐንዱ ኣብ ምስናዕን ኣገልግሎትን ዝምርኩሰ ኮይኑ፣ ውሑድ ክፋል ሕብረተሰብ 5-10% ዜጋታት ብቐጥታ ወይ ብዘዘዋዋሪ ብሕርሻ ይናበሩ 6) ማሕበራዊ ዝምድና ሰባትን ማሕበራዊ ስርዓትን ይፈላለ።

**ይቕጽል . . .**

# ፍኖት

ዳህላክ ነጋሲ

ካልኣይን መወዳእታን ክፋል

## “ብቕዓት ተማሃሮ ኣብ ቀጽሪ ንምዕባይ ንመማህራን ምሕያል ወሳኒ እዩ” መም/ተኽለኣብ ሙሲኤል

ዝኸበርኩም ኣንበብቲ ዓምዲ 'ፍኖት'፥ ኣብ ዝሓለፈ ቀዳማይ ክፋል ጽሑፍና፥ ኣብ ዓውደ-ትምህርቲ ቀጽሪ ክረአ ዝጸንሐ ትሑት ወጽኢት ተማሃሮ ጠንቁ ንምልላይን መፍትሒ ንምንዳይን ዝጸለመ ዓውደ-ዘተ፥ ብጨንፈር ትምህርቲ ዞባ ማእከል ተኻይዱ ከምዝነበረ ጠቒስና ነይርና። ኣብቲ ዓውደ-ዘተ ንዝተላዕሉ ብርክት ዝበሉ ሕቶታት እትምልስን መወከሲ እትኾውንን መጽሓፍ - ብመምህር ተኽለኣብ መሰኣል ከም ዝተመርቐት ዘመላኸት ከምኡ'ውን ኣቲ ዝተኻየደ ስነ-ስርዓት መመረቕታ ዝድህስስ - ትሕዝቶ ድማ ኣቕሪብናልኩም።

መጽሓፍ 'ሰረት ትምህርቲ ቀጽሪ' ሰፊሩ ዘሎ ሓሳባትን ኣርእስቲታትን ንሓያሎ ዓመታት ኣብ ኣእምሮይ ክስሓሰልን ክኸብኸብን ዝጸንሐ እዩ። እዚ ግዳ - ሎሚ ድሕሪ ክልተ ዓመታት ንሕትመት በቒዑ ኣሎ።

ልምዲ ንባብ ኣብ መላእ ሕብረተሰብና ንኸሰርጽ፥ ብዛዕባ ክነስርሓሉ ይግባእ። ብዙሓት ልምዲ ንባብ ዝሓደሮም ሰባት፥ መጽሓፍቲ ኣብ መንነ ከም'ኣየም ተመሳሲሊ. ልምዲ ዘለዎም ሰባት ክኸፋፍልዎ ትዕዘብ። ብኣንጻሩ፥ ካልኦት ኣዘዮም ብዙሓት ሰባት ድማ፥ ካብ'ቲ ዓለም ኣዘዮም ርሒቖም ትምልከት። ከምቲ



መም/ ተኽለኣብ ሙሲኤል


ንሎሚ ድማ መምህር ተኽለኣብ መሰኣል ብዛዕባ ማሰርሕ ምድላው መጽሓፍን ኣገዳስነት ልምዲ ንባብን ዝዘኦ ሓበሬታ ብምቕራብ፥ ንወሓድ ክፋል መጽሓፍ 'ሰረት ትምህርቲ ቀጽሪ' ናባኹም ክውብሎ ኢና - ሰናይ ንባብ–

መምህር ተኽለኣብ ብዛዕባ ምድላው መጽሓፍን ርዝነቱን ብዘምልከት ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፥ “መጽሓፍ ንምድላው፥ ካብ'ቲ ፈለማ ኣርእስቲ ሂብካ ክትጽሕፍ ዝጀመርካ እዋን'ዩ ክብደቱ ጎሊሑ ዝረአየ። ብቐጻሊ፥ ሓሳባት ክትእከብ መወከሲታት ክትግዝእልን ዝዘበለ ጽሑፍ ኣብ ጸጸባሕ ንምህብታሙ እተሓልፎ መስርሓትን ብመንጸር ንውሓት ግዜን ሃልክን ክልካዕ እንከሎ ኣዝዩ ብዙሕ ጸጋት'ዩ ዝሓትት። ስለ'ዚ፥ ኩሉ መዲያዊ ወፍርን ጻዕርን ፈሲሰዎ ንሕትመት ክበቅዕ እንከሎ ድማ፥ ዚያዳ ዕጋበት ይስመዓካ። እንተኾነ፥ እቲ ዕጋበት ምሉእነት ዝህሉዎ ጽሑፍካ ወይ መጽሓፍካ ናብ ኣንበብቲ በጺሑ ጽልዋ ክሕድር እንከሎ እዩ። ኣብ መሰረታውያን ጠለባት (ማይ፥ መግቢ፥ መጽለሊን ካልእን) ንቕጽልነት ህይወትና ዘድልዩና፥ መጽሓፍ ከኣ መግቢ ኣእምሮ ስለዝኾኑ፥ ልምዲ ንባብ ኣብ ሕብረተ-ሰብና ንኽሰፍሕ ሓባራዊ ስራሕን ሓያል ጎስጓስ ብመራኸቢ ብዙሃን ክካየድ ይግባእ” ክብል ርእይቶኡ ሂቡ።

እምበኣርከስ ንገለ ክፋል መጽሓፍ 'ሰረት ትምህርቲ ቀጽሪ' ምስ እንምልከት፥ ከም መጽሓፍ 18 ኣርእስታት ዘጠቓለለት እያ። እታ ኣብ ሱቀጽሪ ኣተኩራ ዝተዳለወት መጽሓፍ እትሓቕፎም ኣርእስታት ከኣ እዞም ዝስዕቡ እዮም፦

ሰረት ትምህርቲ ቀጽሪ፥ ኣገዳስነት ትምህርቲ ቀጽሪ፥ ታሪኽ ሱቀጽሪ፥ ወሩያት ናይ ቀጽሪ ሊቃውንቲ፥ ፍልስፍና ትምህርቲ ቀጽሪ፥ ሱሓሳብ ምምሃር ቀጽሪ፥ ናይ ቀጽሪ ኣምረት፥ ናይ ትምህርቲ ቀጽሪ ስርዓተ-ትምህርቲ፥ ስርዓተ-ምዛና ኣብ ትምህርቲ ቀጽሪ፥ ሓገዝቲ ናውቲ ምህሮ፥ ምድላው ውጥን ምህሮ፥ መዓልቲ ትምህርቲ ቀጽሪ፥ ምድላውን ምፍራይን መማህራን፥ ሞያዊ ዕቤት መማህራን፥ ሞያዊ ሱምምሕዳር መማህራን፥ ማሕበር ናይ ቀጽሪ መማህራን፥ ፍርያት ናይ ቀጽሪ መጽሓፍቲ ኣብ ኤርትራን ሃጸብራቕን ምርምርን ኣብ ትምህርቲ ቀጽርን።

ካብ'ቲ ሰፊሩ ዘሎ ኣርእስቲታት እውን ንወሓድ ክፋሉ ቀንጪልና ክንድህስስ ክንፍትን ኢና፦ ሰረት ትምህርቲ ቀጽሪ ንትርጉም ሱቀጽርን ትምህርቲ ቀጽርን ኣጸፊሩ የረድእ። ንታሪኽን ፍልስፍናን ሱቀጽሪ ይድህስስ፥ ሱሓሳብ ምምሃር ትምህርቲ ቀጽሪ የጸጽርን የተኣሳስርን። ኣብ ስርዓተ-ትምህርቲ፥





ቀጽሪ፥ ስርዓተ-ምዛና፥ ምምሃር-ምስትምሃር፥ ውጥን ምህሮ፥ ናውቲ ምህሮን ቴክኖሎጅን፥ ሞያዊ ዕቤት መምህር፥ ሞያዊ ሱምምሕዳር መምህር፥ ምርምር ኣብ ቀጽርን ካልእ ትሕዝቶታትን ኣጠሚሩ፥ ንምዕባለ እቲ ዓውደ-ትምህርቲ ይድርኽ። ብፍላይ መምህራን ንዕላማ ትሕዝቶን ኣገዳስነትን ሰረት ትምህርቲ ቀጽሪ ብዕቱብ ክጽንዕዎን ክምርምርዎን ይግባእ። በዚ መሰረት፥ ተማሃሮ ተገዳስነቶምን ኣድማዕነቶምን ኣብ ትምህርቲ ቀጽርን ሱቀጽርን ብምዕባይ ዓይነታዊ ለውጢ ከመዝግቡ ልዑል ትጽቢት ይግበረሉ።

ናይ ቀጽሪ ትምህርቲ ፍሉይ ኣገዳስነት ኣለዎ። ቀጽሪ ኣብ ታሕታዋይ ደረጃ ትምህርቲ ብዘተፈላለየ ቅማረታት፥ ተግባራት ቀጽሪ ምፍታሕ ግድላት ይሓቁፍ። ከምኡ'ውን ካልእ ንጥፈታት ዘጠቓልል ኩይኑ፥ ደረጃ ትምህርቲ እናወሰኸ ክኸይድ እንከሎ ድማ፥ እቲ ዝወሃብ ትምህርቲ እናሰፍሐ ይኸይድ። እዞም ንጥፈታት ኣብ ሱፍልጠት ጠቀስ ዓይነት ትምህርቲ - ማለት ኣብ ከም ፊዚክስ፥ ኬሚስትሪ፥ ቢዝነስ፥ ጆኦግራፍን ካልእን ክንጥቀመሉ ምን ክትግበርዎም ንኽእል። ብተወሳኺ፥ ቀጽሪ ኣብ ዝተፈላለዩ ምርምራዊ ስርሓት፥ ሱፍልጠታዊ ስታቲስቲክስ ጸብጻብ፥ ምህንድስና፥ ስርሓት ኮምፒዩተርን ምርምራት ህዋን ዕዙዝ ኣገዳስነት ኣለዎ። ስለዚ ድማ፥ ተማሃሮ ነዚ ዓይነት ትምህርቲ ካብ መጀመርያ ኣጥቢቖም ክሕዝዎን ክመልክዎን ይግባእ።

ጥንታውያን ሰባት ብኮማዊ ኣገባብ ምንባር ካብ ዝጀመሩ እዋን ኣትሒዞም፥ ኣብ ዝወፈርዎ ንጥፈታት ሃደን፥ ምምእራር ቆጽሊ-መጽልን ፍረታትን ቀጽራዊ ኣምር ክፍጥሩን ክጥቀምሉን ከኢሎም እዮም። እዚ ዘንጸባርቕ ኣብ ኣኻውሕ ተወቒሩ ዘሎ ኣሰራት ከም መርኣያ ክንወስዶ ንኽእል። ታሪኽ ሱቀጽሪ ብዚያዳ ምስ ምምጻእ ንግስነታትን ዘዕባዩ ምዕባሌታትን ጎሊሑ ይረአ። ኣብ ባቢሎን (ሜሶፖታምያ)፥ ጥንታዊት ግብጺ፥ ግሪኽ፥ ቻይና፥ ህንዲ፥ ማእከላይ ምብራቕን ሰሜን ኣፍሪቃን ይግለጽ። ከምኡ'ውን ኣብ ኤውሮጳ ኣብ እዋን ማእከላይ ዘመን፥ ዘመን ተሃድሶን ሱፍልጠታዊ ሰውራን ከምኡ እናበለ ናብ ዘመናዊ ሰውራ ሱቀጽሪ ይሰጋገር።

ታሪኽ ሱቀጽሪ እቲ ቀንዲ መሰረቱን ሕመረቱን ኣብ ባቢሎንን ጥንታዊት ግብጽን እዩ። ግን'ኸ፥ ብስምን ውልቅን ዝጥቀሱ ናይ ቀጽሪ ሊቃውንቲ ብግሪኻውያን እዩ ዝጀመረ። እዮም ካብ ቅድሚ 2500 ዓመት ኣትሒዞም ክሳብ'ዚ ዘለናዮ እዋን ዝበጽሑን ዘለዉን ሊቃውንቲ ቀጽሪ'ም ኣዝዩ ብዙሕን ኣበርክቶኦም ድማ ጎሊሑን እዩ። ኣብዛ መጽሓፍ ሓጺር ዝርዝር ወከልቲ ሊቃውንቲ ቀጽሪ - ከም በዓል ፓይታጎረስ፥ ዩክሊድ፥ ሞሓመድ ኢብን ሙሳ ኣልኸዋሪዝሚ፥ ሊኦናርዶ ፊቦናቺ፥ ረን ደስካርተስ፥ ጆሃን ካርል ፍሪደሪክ ጋውስ፥ ኦገስተስ ዲ'ሞርጋንን የሃንስ ሸንን ዝኣመሰሉ ከም ኣብነት ተጠቒሶም ኣለው።

ታሪኽ ሱቀጽርን ብዛዕባ ሊቃውንቲ ቀጽርን ምጽናዕ የገድሰናዶ ኣየገድሰናን? ዝብል ክትዕ ክለዓል ይኽእል እዩ። እንተኾነ፥ ኒቲ ታሪኽ ብምብርባር ኣብ ትምህርቲ ቀጽሪ ዘለና ኣፍልጦን ተገዳስነትን ክዓቢ ይኽእል። ኒቲ ታሪኽን ድሕረ-ባይታን ክጸንዕ ክንብል ብዙሕ ክንመሃር ንኽእል ኢና። ብዙሕ ዳህሳስን ምርምርን ምኽያድ፥ ኣብቲ ዝበለጸ ርኽበታትን ምርምርን ጦብላሕታ ክሕደረልና ይኽእል።





ፍልስፍና ሱቀጽሪ ንሓፈሻዊ መትከላትን ፍልስፍናን ኣብ ግምት ብምእታው፥ ንትምህርቲ ቀጽሪ ብዕምቈት ብምጥማት፥ ንምዕባሉ ኣንፈት ዘትሕዝን ዝማእዘንን ኣተሓሳስባ የጠቓልል። እዚ ፍልስፍና ዝተፈላለዩ ሕቶታት ብምልዓል፥ ምትእስሳር ትምህርቲ ቀጽሪ ምስ ሓፈሻዊ ትምህርቲ ከምኡ ድማ ትምህርቲ ቀጽሪ ንረብሓ ማሕበረ-ሰብ ዘውዕሎን ምስ ካልኦት ዓውዲ ዘለዎ ምድግጋፍን ኣጸፊሩ ከበርህ ይፍትን።

ፍልስፍና ትምህርቲ ቀጽሪ ኣብ መብቀልን ባህልን ቀጽሪ ኣብ ረብሓን መሰልን ተማሃሮን መማህራንን ከምኡ ድማ ንጽልዋን ኣበርክቶን ትምህርቲ ኣብ ሕብረተ-ሰብ ብቐጻሊ ዓይኒ ብምጥማት ሰፊሕ ትንተና ብምሃብ ዕዙዝነቱ የረጋግጽ።

ሱሓሳብ ትምህርቲ ንብዙሓት ጉዳያትን ዛዕባታትን ዝድህስስ እዩ። እንተኾነ፥ ኣብ ምህሮ ወይ ምምሃር ዘተኩረ ኣረኣእያን ኣጠማምታን ኣመልኪቱ ሓሳባትን ርድኢትን ብምቕራብ ናብ ክትዕ የውርድ። ናይ ሱልቦናን ትምህርትን ሊቃውንቲ ዝቕልስዎ ብዙሓት ዓይነታት ኣረኣእያታት እዮ እንተሃለው፥ እቶም ቀንዲ ዝውቱራት ግን - ባህርያዊ፥ ኣእምሮኣውን ህንጻታውን ተባሂሎም ይጽውዑ። ኣብዚ እዋን ኣብ ሃገርና ዘሎ ስርዓተ-ትምህርቲ ኣብ ህንጻታዊ ሱሓሳብ ወይ ኣረኣእያ ዝተመስረተ እዩ። ሰረት ትምህርቲ ቀጽሪ እውን ብዚያዳ ኣብ ህንጻታዊ ሱሓሳብ ወይ ኣረኣእያ ጸቒጡ ዝሰርሕ ብምዃኑ፥ ኣብ ዝተፈላለዩ መወከሲታት ህንጻታዊ ኣመሃህራ ቀጽሪ ኣዘውቲሮም ከስፍርዎ ንዕዙብ።

ስርዓተ-ትምህርቲ፥ ንኹሉ ትሕዝቶታትን ንጥፈታትን ትምህርቲ ከም ዓንዲ ኮይኑ ዘቖመልና፥ ከም ጋብላ ዝሓቑፈልናን ከም ብርሃን ድማ ኣንፈት ዘትሕዘልናን ኣገዳሲ መሳርሒ እዩ። ናይ ቀጽሪ መምህራን ንትርጉም ስርዓተ-ትምህርቲ ኣዳቒቖና ክንፈልጦ ይግባእ። ናይ ቀጽሪ መምህራን ከም ኩሎም ሞያውያን ኣብ ምንዳፍን ምምዕጋምን ስርዓተ-ትምህርቲ ክንሳተፍን ኣበርክቶ ክህልወናን ትጽቢት ይግበረልና። ከም መምህራንን ኣባላት ማሕበረ-ሰብ ሱቀጽርን መጠን ንስርዓተ-ትምህርቲ ቀጽሪ ምስ ሓፈሻዊ ታሪኽ፥ ፍልስፍና፥ ኣጠማምታን መትከላትን ኣተኣሳሲርና ንኽንከይድ ድማ ብዙሕ ምንባብን ምምርማርን ከም ዘድልየና ክንስሕቶ ኣይግባእን።

ኣብ ኤርትራ፥ ዓውዲ ሱቀጽሪ ማእከሉ ኣብ ኮሌጅ ሱፍልጠት ማይ-ነፍሒ እዩ። እዚ ዓውደ-ትምህርቲ እዚ ብዘሰፍሖን ብዘየቋርጽን ኣገባብ ክሳብ ናይ 4ይ ዓመት ትምህርቲ ይህብ። ኣብ ገለ ወሰኑን ዓመታት'ውን መደብ ድሕረ-ምረቓ (ማስተርስ) ይህብ ከም ዝነበረ ይፍለጥ። እዚ ክውን ንምምሕዳር ደኩኣናይ ባዕሉ ስርዓተ-ትምህርቲ ሓንጸጹ መደባቱ የሰላስል።

ስርዓተ-ምዛና ምስ ዝዳለናዮ ውጥን ምህሮን ኣገባብ ኣመሃህራናን ተቖሚጡ ይኸይድ። ከምቲ ውጥን ምህሮ ዓመታዊ፥ ሰሙናውን መዓልታውን እናበልና እነካይዶ፥ ስርዓተ-ምዛና'ውን ከምኡ ኣብ ዓይነታት ክንከፋፍሎ ንኽእል። ንኣብነት፥ ንተማሃሮ 8ይን 12ን ክፍሊ ዝወሃብ ሃገራዊ መርመራ ከም ወካሊ ምዛና ክንወስዶ ንኽእል። ስለዚ፥ ናይ ቀጽሪ መምህራን ነዚ ዓይነት ምዛና ኣብ ግምት ብምእታው፥ ምስ ግዜን ኩነታትን ዝኸይድ ስርዓተ-ኣመዛዝና ክንክተል ግቡእናን ሓላፍነትናን እዩ።

ብዋዕራዊ ስራሕ እናተሞከርካ ምኻድ፥ ሓደ ካብ ቀንዲ ረቛሒታት ሞያዊ ዕቤት እዩ። ምኽንያቱ ንኣገባብ ኣመሃህራኻ፥ ምልክት ትምህሮ ዘለኻ ትምህርቲ፥ ኣተሓሕዛ ተማሃሮን ካልእን እናተለማመድካ ወይ እናመለኽካ ስለእትኸይድ። ብመንገዲ ምልውዋጥ ተሞኩሮ ድማ ብልጫታትካን ድኽመታትካን ኣብ ግምት ብምእታው፥ ምትዕርራያትን ምምሕያሻትን ክትገብር ትኽእል። ብዘይካ'ዚ፥ መጽሓፍቲ ምንባብን ምርምር ምኽያድን እውን ንሞያዊ ዕቤት ሓገዝቲ እዮም። ኣብ ርእሲ'ዚ፥ እሩም ሱምምሕዳር መምህራን ንደሊት ወይ ባህጊ ተማሃሮን ሕብረተሰብን ኣብ ምሕያል ብእወታ ዝጸሉ እዩ። ስለዚ፥ ማዕረ-ማዕረ ንሞያዊ ዕቤት መምህራን ዝገበር ጻዕርታት፥ ንሞያዊ ሱምምሕዳር መምህራን ድማ ቀላሕታ ምምሕዳርን ምክትታልን የድሊ።

እዚ ኣቐዲሙ ዝተጠቕሰ ኣርእስቲታት እምበኣር፥ ንውሑድ ክፋል እዛ መጽሓፍ ዝድህስስ እዩ። ስለ'ዚ፥ መምህራን፥ ተማሃሮ፥ ወለድን ካልኦት ዝምልከቶም ኣካላትን መጽሓፍ 'ሰረት ትምህርቲ ቀጽሪ' ብዕምቆት ብምምልካት፥ ብዙሕ ክፈልጡን ክየግዝኡን ይኽእሉ። ከምኡ'ውን ሰፊሕ መጽናዕቲ ዘድልዮም ኣርእስቲታት ኣብኡ ተዘርዚሮም ስለዘለው፥ ካልኦት ግዱሳት ካብ'ዚ መጽሓፍ ብምውካስ ሰፊሕ ምርምር ንኸካይዱ እትዕድም ኢያ።

መምህር ተኽለኣብ መሰኣል፥ ቅድሚ ክልተ ዓመት ብተመሳሳሊ - 'ደቀይ ተማሃሩ' እትብል መጽሓፍ ናብ ኣንበብቲ ኣቕሪቡ ነይሩ። እታ መጽሓፍ እቲኣ'ውን ኣብ ዕቤት ትምህርታዊ መዳይ ዘተኮረት ኢያ።

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ብናይኤፍሬም ኣክሊሉ እያሱ ምግባ ተሪፉ፡ ኤፍሬም ኣክሊሉ እያሱ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን11/6/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሄርሜላ ኣማኑኤል ርእሶም፡ ኣቦይ ብርሃ በርሀ ስለዝዋረረ፡ ኣነ ጥራይ ወራሲት ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ኳላ

ክፍሎም ግርማይ ለኣከ ምግባ ተሪፉ፡ ራሓሰ ግርማይ ለኣከ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ 6/6/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ዓንሰባ ከረን

ከሳሲት ወ/ሮ እዝዮግኣም ጺጋይ፡ ተኸሳሲ ኣቶ ሚከኤል ፍቓዱ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ን12/6/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ።

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ጊንዳዕ

ዑስማን ጃብር መሓመድ፡ ስም ትሕቲ ዕድመ ደቀይ 1. ጊስማ ዑስማን ጃብር ምግባ ተሪፉ፡ በስማ ዑስማን ጃብር ፡ 2. ቡሹም ዑስማን መሓመድ ምግባ ተሪፉ፡ ቡሹም ዑስማን ጃብር ተባሂሉ ይተኣረመሎም ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/6/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ባጽዕ

ካሊድ ኣሕመድ ማሕሙድ ምግባ ተሪፉ፡ ማሕሙድ ኣሕመድ ማሕሙድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/6/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

---

ኣመልካቲት ወ/ሮ ሓዳስ ገብረመድህን ዝተበሃልኩ፡ ናይቲ ብሽም በዓል ቤተይ ነፍ/ር ኣለምሰገድ ኣድሓኖም ጊላሚካኤል ብቁጽሪ ወረቐት 110400 መወከሲ ቁ.126041-126042 ዋንኡ ዝተመዝገበ ናይ ገዛ ሊብሬቶ ስለዝጠፍኣኒ፣ ዝረኸበ ወይ ብዕዳ ሓዚዎ ዝብል ሰብ ምስ ዝህሉ፡ ኣብ ወሽጢ 30 መዓልቲ ብቴሌ-07140804 ወይ 07302078 ክሕብረኒ ብትሕትና ኣሓትት።

ወ/ሮ ሓዳስ ገብረመድህን

---



### ምስጋና

ብምኽንያት ዕረፍቲ ብልቢ እንፈትዋን እነፍቅራን ክብርቲ ኣዴና ወ/ሮ ኣስገደሽ ረእሲ ሃይለ ደጃዝማች ተስፉማርያም ብዓልቲ ቤቶም ግራዝማች ደጃዝማች ካሕሳይ ተፈሪ ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፡ ኣብ ግዜ ሕማማ ዝጸሓትኩሙ፡ ኣብ ዕረፍታ ካብ ዓዲ ኳላ ብምኻድ ዘቃበርኩምና፡ ኣብ ገዛና ብምምላስ ናይ ሓዘና ተኻፈልቲ ዝኾንኩም፡ ካብ ወጻኢ ተሌፎን ብምድዋል ዘጸናናዕኩምና ከሉኹም ቤተሰብ ፈተውትን ኣዕሩኽን ቤተ ክህነት ሕሰም ኣይትርከቡ የቐንየልና እናበልና ሓዘና ከምዝዋጸና ንገልጽ።

ደቃ ምስ ምሉኣት ስድራቤት

---

ብሽም ጎይትኦም ተስፉይ ሃይሉ ኣብ ዞባ ማእከል ንኡስ ዞባ ቲራቮሎ ዝተመዝገበ ናይ ህንጻን ሕርሻን ማሽነሪ ዞባ ትካል ማሳርሒ ፍቓድ ቁጽሪ (ልቸንሳ) ASL00026122 ስለዝጠፍኣኒ፣ ረኺቡዎ ኣለኹ ወይ ብዕዳ ሓዚዎ ኣለኹ ዝብል ሰብ እንተሃልዩ፡ ብቑጽሪ ተሌፎን 07159335 ኣብ ወሽጢ ሓደ ወርሒ ደዊሉ ይርከበ። እንተዘየለ ግን ካብ ዝምልከቶ ኣካል መተካእታ ክወሃበኒ ምዃነይ እሕብር።

ጎይትኦም ተስፉይ ሃይሉ

---

### መበል 20 ሓፈሻዊ ኣኼባ ወነንቲ ብርኪ

ሃገራዊ ኮርፖረሽን መድሕን ኤርትራ ናይ ብርኪ ማሕበር፡ እንቋዕ ናብ መበል 33 ዓመት መዓልቲ ናጽነት ኣብቅዓና እናበለ፡ ንኹሉም ወነንቲ ብርኪ ንቐዳም 1 ሰነ 2024 ሰዓት 8:00 ቅ.ቀ ኣብ ሆቴል ኣስመራ ፓላስ ኣብ ዝቐርብ መበል 20 ስሩዕ ዓመታዊ ኣኼባ ወነንቲ ብርኪ ንኽሳተፉ ብኽብሪ ይዕድም።

ኣብቲ ኣኼባ ብኣካል ክሳተፉ ዘይኽእሉ ወነንቲ ብርኪ፡ ናይ መወከሲ ቅጥዒ ካብ ቤ/ጽሕፈትና ወይ ካብ መርበብ ሓበሬታና (www.niceritrea.com) ወሲዶም ድሕሪ ምምላእ ክሳብ 31 ግንቦት 2024 ሰዓት 12:00 ኣብ ዘሎ ግዜ ክልእኩልና ነተሓስስቡ።

ሃገራዊ ኮርፖረሽን መድሕን ኤርትራ

---

ሆቴል ኣስመራ ፓላስ እንቋዕ ንመበል 33 ዓመት መዓልቲ ናጽነት ኣብቅዓና እናበለ፡ ንመላእ ህዝቢ ኤርትራን ሓይልታት ምክልኻልን የሃና ይብል።

"ውሕስነት ሰላም ብመኽተ"

ኣብ ትሕቲ ዝብል ቴማ ዕለት 24 ግንቦት 2024 ጽምብል ናጽነት ንምምዕራግ ሆቴል ኣስመራ ፓላስ፡ ባህላውን ዘመናውን መግብታት፡ ብሉጽ መደቀሲ፡ ምሕንባስ፡ ጅም፡ ባህላዊ ቡን ...ወ.ዘ.ተ ኣዳልዩ ስለ ዘሎ፡ ስድራቤትኩምን ፈተውትኹምን ሒዝኩም ብምስታፍ ተዘካሪ ቅንያት ክተሕልፉ ብኽብሪ ንዕድም።
ብደሓን ምጽኡና ከነእንግደኩም ድሉዋት ኢና።





ንዝያዳ ሓበሬታ 153700 ደዊልኩም ተወከሱና።

ሆቴል ኣስመራ ፓላስ

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ዕግበት መብራህቱ ሰለሙን ምባል ተረፉ፡ ስቲ መብራህቱ ሰለሙን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን4/6/24 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.47 1ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ህያብኣል ፍጹም መሓሪ ምባል ተረፉ፡ ህያብኤል ጸጋይ ስኳላይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/6/24 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.47 ይቕረብ፡፡

ኣቶ ሰመረ ገብረኺዳን እዘዙ ኣደይ ዝፋን ማሰፍን ገብረሚካኤል ስለዝዋረረፈት፡ ኣነ ምስ 1ሓወይ ወረስቲ ምዃነና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/6/24 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.49 ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ኣብርሀት ገብረሚካኤል ሃብተሚካኤል፡ በዓል ቤተይ ኣስመሮም ዑቕባዝጊ ስለዝተሰወኦ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 2 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/6/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ኣምለሰት ተስፋይ ደበሳይ፡ በዓል ቤተይ መንቆርዮስ ዑቕባስላሴ ዳፍላ ስለዝዋረረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 16 ደቁ ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/5/24 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ መጋባእያ ቁ.47 ይቕረብ፡፡

ኣቶ መዋእል ገብረየሱስ ኣብርሃ ኣቦና ገብረየሱስ ኣብርሃ ሃብቱ ስለዝዋረረፈ፡ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/6/24 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ መጋባእያ ቁ.47 ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዕዳጋ እኽሊ

የኤል ስብሓቱ ጋይም ምባል ተረፉ፡ ኣማኑኤል ስብሓቱ ጋይም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/5/24 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ጸጋ መሓሪ ተወልደብርሃን፡ ሓወይ ሃይለ መሓሪ ተወልደብርሃን ስለዝዋረረፈ፡ ኣነ ምስ 7 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/6/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ፍረወይኒ ኣብርሃ ዓንደሚካኤል፡ ኣቦይ ኣብርሃ ዓንደሚካኤል ዘወልዳይ ስለዝዋረረፈ፡ ብዕለት 25/11/2000 ዝተጻሕፈ ለበዋ ኣብ ዓድና እምባደርሆ ዝርከብ ቀዋምን ተንቀሳቓስን ንብረት ህድሞ፡ መረባዕ ምስ ምሉእ ናውቲ ማሕረስ ንብረት ጉዝን ስለዝሃበኒ ለበዋ ይጽደቐለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/6/24 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ተኸመ ስራጅ ዓብደልዓሊም፡ ኣዴና ኣስገደት ገ/እግዚኣብሄር ስለዝዋረረፈት፡ ኣነ ምስ 1ሓፍተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/6/24 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ጉኑት ሃብቱ ተኽለ፡ ኣቦና ሃብቱ ተኽለ ወልደገርግሽን ኣዴና ቅዱሳን ጊለ ወልደገርግሽን ስለዝዋረረፉ፡ ኣነ ምስ 1ሓፍተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/6/24 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ማኽዳ የዕበዮ ተኽለ፡ ዓቢይ ምሳሹ ሰመረ ካሳ ስለዝዋረረፈት፡ ንወላዲያይ ሰወእ የዕበዮ ተኽለ ተኪእና፡ ኣነ ምስ 4 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/6/24 ኣብ 1ይ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ማጅድ መንሱር መሓመድኑርሃን፡ ስም ኣደይ ጀዋራ መሰጦፋ ምባል ተረፉ፡ ጀውሃራ መሰጦፋ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/6/24 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ከሳሲት ወ/ሮ ጽገሬዳ ሰለሙን ገብረሚካኤል፡ተኸሳሲ ኣቶ ሚሮን ያሬድ ፍስሃ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ን21/6/24 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ቕረብ፡፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጥ፡፡

ከሳሲት ወ/ሮ ኣብርሀት ኣፈወርቂ ወልዱ፡ ተኸሳሲ ኣቶ ቢንያም ኣልኣዛር ምሕረትኣብ፡ ንቀለብ ቆልዓ ዝምልከት ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን18/6/24 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ቕረብ፡፡

ወ/ሮ ሄለን ለገሰ ሃይሉ፡ ወለድና ኣብርሀት ኣብርሃ ካሕሳይን ኣቦና ለገሰ ሃይለን ስለዝዋረረፉ፡ኣነ ምስ 4 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/6/24 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ዮዲት ብርሃነ ሰለሙን ምባል ተረፉ፡ ዮዲት ጅሬወርቅ መብራህቱ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/6/24 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ከሳሲት ወ/ሮ ሸዊት በርሀ ተስፋጽዮን፡ ተኸሳሲ ኣቶ ታደሰ መብራህቱየም ተኽለሃይማኖት፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን18/6/24 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ቕረብ፡፡

ሃብቶም ሓየሎም ባይራኡ፡ ስም ኣደይ ማኣዛ ማና መርሃጽዮን ምባል ተረፉ፡ ማኣዛ ማና ወልደመንቆርዮስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/6/24 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ጽገወይኒ ወልደማርያም ገብረሚካኤል ምባል ተረፉ፡ ሩት ወልደማርያም ገብረሚካኤል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/6/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ዛይድ ተኽሉ ዘርእማርያም፡ ስም ኣደይ መብራት ሃብተ ሃብተሚካኤል ምባል ተረፉ፡ ደሃብ ባይራይ ግርማጼን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/6/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ጸሃይሽ የማነ ክፍለኢየሱስ ምባል ተረፉ፡ ጸሃይሽ የማነ ተክለኢየሱስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/6/24 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ድባርዋ

ኣቶ ሓጎስ ሃብተጼን ሃይሉ፡ ወደይ ሻሎይ ሓጎስ ሃብተጼን ስለዝተሰወኦ፡ ኣነ ምስ በዓልቲ ቤተይ ወ/ሮ ኣዜብ በየነ ገብረማስቀል ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/6/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ልችያ ገብረስላሴ ኪዳ፡ ኣቦይ ገብረስላሴ ኪዳ ዑቕቢትን ኣደይ ማማይ ኣስካለ መሳዝጊን ስለዝዋረረፉ፡ ኣነ ምስ 8 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/6/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ማይምነ

ሓበን በየነ ወልደስላሴ ምባል ተረፉ፡ ሓበን ደበሳይ ገብረሚካኤል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን11/6/24 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ መንደፈራ

ሙሉጌታ ገብረመድህን ተኣ፡ ስም ኣደይ ሂወት ወልደየውሃንስ ምባል ተረፉ፡ ወብት ወልደየውሃንስ ዓንደጼን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/6/24 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ኳላ

ገብረእግዚኣብሄር ገብርሂወት መንገሻ፡ ወለድና ኣቶ ገብርሂወት መንገሻ ግደን ወ/ሮ ኣበባ ፈለቀ ንጉሰን ስለዝዋረረፉ፡ ኣነ ምስ 4 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/6/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ዘርኢት ገብረየሱስ ገብረየውሃንስ ምባል ተረፉ፡ ሄርሞን ገብረየሱስ ገብረየውሃንስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/6/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ሉተናፋኤል ዓንደማርያምም ወልደኣብዝጊ ምባል ተረፉ፡ ሳምራዊት ዓንደማርያም ወልደኣብዝጊ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/6/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ሚሮን ዘርኣይ ትንሳኤ ምባል ተረፉ፡ ምከኤል ዘርኣይ ትንሳኤ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/6/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ሰንበቱ መሓሪ ተስፋሚካኤል ምባል ተረፉ፡ ሮግኣት መሓሪ ተስፋሚካኤል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/6/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

መርየም ሰዒድ ሳልሕ ምባል ተረፉ፡ ዓዚዛ ሰዒድ ሳልሕ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/6/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ኣቤል ተስፋማርያም ገብረኪዳን ምባል ተረፉ፡ የውሃንስ ተስፋማርያም ገብረኪዳን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/6/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ዳዊት ዘርኣይ ትንሳኤ ምባል ተረፉ፡ ጸጋዝኣብ ዘርኣይ ትንሳኤ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/6/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ሄኖክ ገብረየሱስ ገብረየውሃንስ ምባል ተረፉ፡ መትከል ገብረየሱስ ገብረየውሃንስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/6/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

የናስ ዑቕባይ ተወልደብርሃን ምባል ተረፉ፡ተስፋኣለም ዑቕባይ ተወልደብርሃን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/6/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ደቀምሓረ

መሓመድሙር ሓመድ ስሌማን ምባል ተረፉ፡ ሓመድኑር ሓምድ መሓመድኑር ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/6/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ክፍሎማርያም ሃብተገብርኤል ወልደጋብር ምባል ተረፉ፡ ሓድሽ ሃብተገብርኤል ወልደገብርኤል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/6/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ሄለን ከሰተ ገብረመድህን ምባል ተረፉ፡ ሳብሪን ጣህር እድሪስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን6/6/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ቐይሕ

ከሳሲት ወ/ሮ ንግስቲ ዑቕባዝጊ በራኺ፡ ተኸሳሲ ዑመር ኣስገለ ራዱ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን17/6/24 ኣብ ቤ/ፍ ቕረብ፡፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጥ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓረዛ

ተኽለወይኒ ብርሃነ ወልደሩፋኤል ምባል ተረፉ፡ የኤል ብርሃነ ወልደሩፋኤል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን7/6/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ወረደ ኣብርሃም ተስፋማርያም ምባል ተረፉ፡ ሮቤል ኣብርሃም ተስፋማርያም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን11/6/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ተስፋኣም ገብረኪዳን ወልደሃይማኖት ምባል ተረፉ፡ ተስፋገርግስ ገብረኪዳን ወልደሃይማኖት ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ጾሮና

ተስፋማርያም ኣብርሃ መቕደም ምባል ተረፉ፡ ተስፋ ኣብርሃ መቕደም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን4/6/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ኣይንኣለም ኣድሓኖም፡ በዓል ቤተይ በየነ ገብረየሱስ ደሲታ ስለዝዋረረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 7 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን4/6/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ት/ዕደመ ትምኒት ትከእ ምባል ተረፉ፡ ጥና ትከእ ሃብተንክኤል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን4/6/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ሰንዓፈ

ጥምነ ዓደግሽ ግደ ምባል ተረፉ፡ ትርንጐ ዓደግሽ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/6/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ሓመድ ኑር ሳልሕ ኖራ ምባል ተረፉ፡ መሓመድ ኑር ሳልሕ ኑር ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/6/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ኣቑርደት

ት/ዕደመ ሬድዋን ሳልሕ ዐሶማን ምባል ተረፉ፡ ዓድል ሳልሕ ዐሶማን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን31/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ጎልጅ

ወ/ሮ ብርኽቲ መሓሪ ገብረወልዱ፡ በዓል ቤተይ ጉዳም ኣስመሮም ገብረኣምላኽ ስለዝተሰወኦ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 11 ደቁ ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/6/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ገለብ

ወ/ሮ ሓዋ ዕጄል መሓመድ፡ በዓል ቤተይ ማሕሙድ ኣበብከር ማሕሙድ ስለዝዋረረፈ፡ ኣነ ምስ 7 ደቀይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን3/6/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ቀንዴል

1.ትምህርቲ መካኒክ

ብክልሰ ሓሳባትን ብግብርን ብምኩራት መምሃራን ብኢንጅነራት ዝተመረቑ

2.ኮምፒተር

3. ኣካውንቲንግ ምስ ፒችትሪ

4. ግራፊክስ

ብርትዓዊ ዋጋ ኣዳልዩ ከም ዘሎ ንወለድን ንተማሃሮን ይሕብር።

ኣድራሻና:- ጎኒ ሲነማ ሮማ ፊት ቶታል

ቁ.ስ 121571/ 07207798/ 07325197

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ


## ሬድ ሲ ቦትለርስ ሼር ካምፓኒ
## ( ኮካ-ኮላ )

ሬድ ሲ ቦትለርስ ሼር ካምፓኒ (ኮካ-ኮላ) ንህዝብን መንግስትን ኤርትራ እንቋዕ ናብ መበል 33 ዓመት በዓል ናጽነት ኣብጽሓና ይብል።

ሬድ ሲ ቦትለርስ ሼር ካምፓኒ
(ኮካ-ኮላ)

OiLibya

TAMOIL

ብምኽንያት ጽምብል ዝኽሪ መበል 33 ዓመት መዓልቲ ናጽነት ኤርትራ፡ ኣካያዲ ስራሕን ኣባላትን ሊብያ ኦይል ኤርትራን ታምኦይል ማሊንዲ ኤርትራን ንመሪሕነትን ህዝብን ኤርትራ እንቋዕ ሓጎሰኩም እናበለ እግዚኣብሄር ንሃገረ ኤርትራ ተወሳኺ ኲርዓት ዕብየትን ምዕባለን ክህባ ሰናይ ትምኒትና ብሓጎስ ንገልጽ።

# ዜና ወጻኢ

ብርሃነ ምሕረትኣብ

## ሩስያ፡ ብኑክሌሳዊ ኣጽዋር ዝተሰነየ ወተሃደራዊ ልምምድ ኣካይዳ

ሩስያ፡ ምስ ዩክሬን ኣብ ዘዋስና ከባቢታት - ብታክቲካዊ ኑክሌሳዊ ኣጽዋር ዝተሰነየ ቀዳማይ ገጽ ወተሃደራዊ ልምምድ ከምዝጀመረት ኣፍሊጣ።

ሚኒስትሪ ምክልኻል ሩስያ ብሰሉስ ኣብ ዝዘርገሖ ሓበሬታ፡ እቲ ወተሃደራዊ ልምምድ፡ እስካንደር ከምኡ ድማ ኪንዣል ዝተባህሉ ኑክሌሳዊ ቦምባታት ክሽከሙ ዝኽእሉ ሚሳይላት ዘጠቓለለ ምዃኑ ድሕሪ ምጥቃሱ፡ እንተላይ ኣብቲ ሩስያ ድሕሪ ለካቲት 2022 ብሓይሊ ዝተቘጻጸረቶ ግዝኣታት ዩክሬን ይካየድ ከምዘሎ ገሊጹ።

ታክቲካዊ ኑክሌሳዊ ኣጽዋር ሩስያ ኣብ መሬት ተዋዲዳላ ዝርከብ ቤላሩስ እውን ኣብቲ ዝካየድ ዘሎ ወተሃደራዊ ልምምድ



ክትሳተፍ ትጽበት ከምዘሎ፡ መርበብ ሓበሬታ ኣልጀዚራ ኣመልኪቱ።

ሩስያ፡ ምስቲ ኣብ ዩክሬን እተካየዶ ዘላ ወተሃደራዊ ስርሒታት ተታሓሒዙ ካብ ሃገራት ምዕራብ ዘጋጥማ ዘሎ ጸጥታዊ ስግኣታት ንድሕነታ ኣብ ሓደጋ ዘእቱ ምስ ዝኸውን ኣብ ኢዳ ዝርከብ ኑክሌሳዊ ኣጽዋር ክትጥቀመሉ ከምእትኽእል ብተደጋጋሚ ከተጠንቅቕ ምጽናሓ ይፍለጥ።

እቲ ዝካየድ ዘሎ ብታክቲካዊ ኑክሌሳዊ ኣጽዋር ዝተሰነየ ልምምድ፡ ንዩክሬን ብኣጽዋርን ስለያዊ ሓበሬታን ዝሕግዛ ዘለዋ ሃገራት ምዕራብ ኣብቲ ግጭት ብቐጥታ ንኸይሳተፋ መጠንቀቕታ ንምሃብ ተባሂሉ ዝተዋደደ ምዃኑ፡ ነቲ ኩነታት ብቐረባ ዝከታተሉ ዘለዉ ተንተንቲ ፖለቲካ የረድኡ።

ብመሰረት እዮም ተንተንቲ፡ መራሕቲ ሃገራት ምዕራብ ንዩክሬን ንምሕጋዝ ተወሳኺ ሚሊሻታዊ ክሰዱ ከምዝኽእሉ ድሕሪ ምውካኦም እዩ ፕረዚደንት ቭላድሚር ፑቲን እቲ ወተሃደራዊ ልምምድ ክካየድ ኣዚዙ።

ፈደረሽን ሊቃውንቲ ኣመሪካ (FAS) ከምዝሕብሮ፡ ሩስያ፡ ስትራተጃያዊ ዘይኮነ 1,558 ኑክሌሳዊ ኣጽዋር ትውንን።

## እስራኤል፡ ንፍልስጤም ኣፍልጦ ንዝሀባ ሃገራት ተጠንቅቕ

ቀዳማይ ሚኒስተር እስራኤል በንያሚን ናታንያሁ፡ ንርእሰ ምምሕዳር ፍልስጤም ከም ሃገር ወግዓዊ ኣፍልጦ ምሃብ ኣብቲ ዞባ ሰላም ዘምጽእ ከምዘይኮነ ብምግላጽ፡ ሃገሩ ነቲ ስጉምቲ ብሸቕታ ከምዘይትዕዘቦ ኣጠንቂቑ። ካብዞን ንፍልስጤም ወግዓዊ ኣፍልጦ ከምዝህባ ዝገለጻ ዘለዋ ሰለስተ ሃገራት ኤውሮጳ ኣምባሳደራታ ከምእትስሕበሎን ኣሕጺሩ ኣሎ።



ንሱ ነዚ መጠንቀቕታ ዘስምዐ ዘሎ፡ ኖርወይ፡ ኣየርላንድን ስጳኛን ድሕሪ ሓሙሽተ መዓልቲ (28 ግንቦት) ንርእሰ ምምሕዳር ፍልስጤም ከም ሃገር ወግዓዊ ኣፍልጦ ከምዝህባ ኣብ ዝገለጻሉ ዘለዋ እዋን እዩ።

በዞን ሃገራት ኤውሮጳ ዝውሰድ ዘሎ ውሳነ ንእስራኤል ኣመና ኣቘጢዑዋ ከምዘሎ ዝገለጸ ናታንያሁ፡ እቲ ስጉምቲ ዝሽፍኦ ዘይምርግጋእ ዘምጽእ ምዃኑ ኣፍሊጡ።

ወከልቲ ሓማስን ሰብ መዚ ርእሰ ምምሕዳር ፍልስጤምን ብበወገኖም ኣብ ኤክስ (ትዊተር) ኣብ ዝዘርገሕዎ ሓበሬታ፡ ንውሳነ ኖርወይ፡ ኣየርላንድን ስጳኛን ብሓጎስ ተቐቢሎሞ ኣለዉ።

ስጳኛን ኣየርላንድን እቲ ውሳነ፡ ኣንጻር እስራኤል ዝቐንዐ ወይ ንሓማስ ንምድጋፍ ተባሂሉ ዝተወሰደ ዘይኮነ፡ ኣብቲ ዞባ ነባሪ ሰላም ዘምጽእ ፍታሕ ንምንጻር ምዃኑ ገሊጸን ኣለዋ።

ሓማስ ዝሓለፈ 7 ጥቅምቲ 2023 ኣብ ልዕሊ እስራኤል ብዝፈጸሞ ሃንደበታዊ መጥቃዕቲ መብዛሕትኦም እስራኤላውያን ዝኾኑ ኣስታት 1200 ሰባት ክቕተሉ እንከለዉ፡ ካልኦት ኣስታት 250 ሰባት ጅሆ ከም ዝሓዘ ክፍለጥ እዩ። ከም መልሱ-ግብሪ ናይቲ መጥቃዕቲ፡ እስራኤል ብወገና ኣብ ልዕሊ ወሽመጥ ቓዛ ብእተካየዶ ዘላ ደብዳብ፡ ብውሕዱ 35 ሽሕ ፍልስጤማውያን ተቐቲሎም ምህላዎም ጸብጻባት ይሕብሩ።

## ቀዳማይ ሚኒስተር ጫድ ካብ ስልጣኑ ወሪዱ

ቀዳማይ ሚኒስተር ጫድ ሳክሰስ ማስራ፡ ብወለንታኡ ካብ ስልጣኑ ክእለ ከምዝወሰነ ምግላጹ ማዕከናት ዜና'ታ ሃገር ሓቢረን።

እቲ ንመሰጋገሪ መንግስቲ ጫድ ክመርሕ ዝጸንሐ በዓል ስልጣን፡ ካብ መዝኑ ከምዝወረደ ዝገለጸ ዘሎ፡ ድሕሪ ክልተ ቅነ ናይቲ ኣብታ ሃገር ዝተኻየደ ፕረዚደንታዊ ምርጫ ኮይኑ፡ ከም ቀንዲ መወዳድርቲ መሓመት ኣድሪስ ደቢ ኮይኑ ቀሪቡ ምንባሩን ከምዝይተዓወተን ይጥቀስ።



ቀዳማይ ሚኒስተር ማስራ ከምዝሓበሮ፡ እቲ ኣቐሪቡዎ ዘሎ ስልጣን ናይ ምልቃቕ ሕቶ፡ ንቕዋም ናይ'ታ ሃገር መሰረት ዝገበረ ኮይኑ፡ ምስቲ ዝሓለፈ ሰሙን ዝተኻየደ ፕረዚደንታዊ ምርጫ ግን ዝኾነ ምትሕሓዝ የብሉን።

ኣብቲ ብ6 ግንቦት ኣብ ጫድ ዝተኻየደ ፕረዚደንታዊ ምርጫ፡ ወዲ 40 ዓመት መሓመት ኣድሪስ ደቢ ብ61 ሚእታዊት ድምጺ ከምእተዓወተ ሰብ መዚ ምርጫ ይሕብሩ።

ጸጋታት ወርቂን ዩራኒየምን ዝተዓደለት ጫድ፡ 18 ሚልዮን ህዝቢ ዘለዋ ኮይና፡ ብመሰረት ጸብጻብ ፕሮግራም መግቢ ዓለም፡ 42 ሚእታዊት ካብ ህዝባ ኣብ ትሕቲ ማስመር ድኽነት ይነብር።

## ሞዛምቢክ - ብሰንኪ ኣድማ ሰራሕተኛታት ጥዕና፡ ልዕሊ 1000 ሕሙማት ሞይቶም ተባሂሉ



ኣብ ሞዛምቢክ፡ ወሰኽ ደሞዝ ዝጠለቡ ሰራሕተኛታት ጥዕና ኣብ ዝኣደመሉ እዋን ልዕሊ 1000 ሕሙማት ከምዝሞቱ፡ መራሒ ማሕበራት ሰራሕተኛታት ገሊጹ።

መራሒ ናይቲ ኣስታት 50 ሽሕ ኣባላት ዘለውዎ ማሕበር ሰራሕተኛታት ጥዕና ሞዛምቢክ ዝኾነ ኣንሰልሞ ሙቻቭ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ኣባላቱ ስራሕ ብምቁራጾም ብዙሓት ሕሙማት ግዳይ ሞት ከምዝኾኑ ገሊጹ።

እንተኾነ እቲ መራሒ ዝሃቦ ኣሃዝ፡ ብናጻ ምንጭታት ክረጋገጽ ከምዘይተኻእለ እዩ መርበብ ሓበሬታ ቢቢሲ ገሊጹ።

ዝበዝሑ ግዳያት ሞት ኣብ 'ኢንሃምባነ'ን 'ሶፋላ'ን ዝተባህላ ዞባታት ከምዝጋጠመ ዝጠቐሰ እቲ ሓላፊ፡ እዚ ድማ መንግስቲ ነቲ ሰራሕተኛታት ጥዕና እናኸፍኦ ብምምጽኡ ዝሰዓበ ምዃኑ ኣረዲኡ።

ኣብቲ ወሰኽ ደሞዝ ዝጠልብ ስራሕ ደው ናይ ምባል ስጉምቲ፡ ሰራሕተኛታት ጥዕና፡ ኣለይቲ ሕሙማት፡ ናይ ጽሬት ሰራሕተኛታት፡ ከኣ ሊታት ሰኡ-ኣእምሮ፡ መራሕቲ ኣምቡላንሳትን ካልኦትን ከምእተሳተፉ ምንጭታት ሞዛምቢክ ሓቢሮም።

ሞዛምቢክ፡ ሓንቲ ካብተን ብዋሕዲ ኣገልግሎት ጥዕና ዝሳቐያ ሃገራት ትሕቲ-ሰሃራ ኣፍሪቃ ኮይና፡ ኣብታ ሃገር ቍጽሪ ዶክተራት ብመንጽር ብዝሒ ህዝቢ ክረአ እንከሎ፡ ሰለስተ ን100 ሽሕ ምዃኑ ጸብጻባት ጥዕና የመልክቱ።

## ፕረዚደንት ኬንያ፡ ብ1.5 ሚልዮን ዶላር ናይ ውልቂ ነፋሪት ምክራዩ የዛርብ

ፕረዚደንት ኬንያ ዊልያም ሩቶ፡ ብ1.5 ሚልዮን ዶላር ዘመናዊት ነፋሪት ተኻርዩ ምስ ኣባላት ስድራቤቱ ገለ ሰብኣዚን ፍሉጣት ኬንያውያንን ብሓባር ናብ ኣመሪካ ምጋሹ፡ ኣብ ኬንያ ክትዕ ከምዝለዓዓለ ተለቪዥንታ ሃገር 'ኬይ.ቲ.ኤን' ሓቢራ።

ፕረዚደንት ሩቶ፡ ብዕድመ ፕረዚደንት ኣመሪካ ጆ ባይደን ምስ 30 ዝኣባላቱ ልኡኽ ኬንያ ናብ ኣመሪካ ንምኻድ ዝተጠቐመላ ናይ ክራይ ነፋሪት፡ ኣብ ዱባይ ብዝመደበሩ "ሮያልጀት" ዝተባህለ ኩባንያ እትውነን ኮይና፡ ምቹእነትን ዘመናዊነትን ብምዃና፡ ንሓደ ጉዕዞ ጥራይ ሚልዮንን ፈረቓን ዶላር ከምዝወደኣት ጋዜጣታት ኬንያ ገሊጸን። ሩቶ፡ ኣብ መኻትቱ ዝጥቀመላ ናይ ገዛእ ርእሱ ፕረዚደንታዊት ነፋሪት ከምዘሎቶ ዝሓበራ እተን ጋዜጣታት፡ ኣብቲ ናይ ኣመሪካ ጉዕዞኡ ግን ክጥቀመላ ከምዘይመረጸ ኣረዲአን።

ብብዝሒ ናይ ወጻኢ መጓዕዝታት ከም ዘዘውትር ዝንገረሉ ዊልያም ሩቶ፡ ኣብ 2022 ፕረዚደንት ኮይኑ ድሕሪ ምምራጹ ጥራይ - 50 መጓዕዝታት ከምዝገበረ፡ እዚ ድማ ኣብ ወርሒ ሰለስተ ግዜ ምዃኑ ጸብጻባት ኣመልኪተን።

ዊልያም ሩቶ፡ ኣብ ወሽጢ ክልተ ዕቑድ ብዕድመ መንግስቲ ኣመሪካ ናብታ ሃገር ዝኸደ ናይ ፈለማ ፕረዚደንት ኬንያ ኮይኑ፡ ሎሚ ሓሙስ ምስ ፕረዚደንት ባይደን ኣብ ጉዳይ ሓባራዊ ዃድን ድሕነትን ክዛረብ ትጽቢት ከምዘሎ ይሕበር።

ገለ ኬንያውያን ህዝቢ ብናህሪ ዋጋታት እናተሳቐዩ እንከለዉ፡ እቲ ፕረዚደንት ንክራይ ነፋሪት ብዙሕ ገንዘብ ከወጽእ ምኽኣሉ ኣብ ትዕዝብቲ ዘውደቐ ተግባራት ምዃኑ ብምግላጽ፡ ቀንጠዐኦም ክገልጹ እንከለዉ፡ ኣፈኛ መንግስቲ ኬንያ ኣይዛክ ምዋራ ግን፡ እቲ ጉዕዞ ካብቲ ዝተገብረሉ ወጻኢታት ንላዕሊ ብሚልዮናት ግዜ ዝዓበየ ኣርባሒ ከምዘኸኣሎ እዩ ሞጒቱ።

ፕረዚደንት ሩቶ፡ ኣብ ኣመሪካ ኣብ ዝጸንሓሉ ኣርባዕተ መዓልታት፡ ብዘዕባ ኬንያ ናብ ሀይቲ ሰራዊት ዓቃቢ ሰላም ንምልኣኽ ኣወጺኣቶ ዘላ ወጥን እውን ምስ ፕረዚደንት ባይደን ከምዝዛረብ ወግዓውያን ምንጭታት ኬንያ ኣጺሮም።

መንግስቲ ኬንያ፡ ሎሚ ዓመት ተወሳኺ 2.4 ቢልዮን ዶላር ግብሪ ንምእካብ ውጥናት ኣብ ዝሓንጸጸሉ እዋን፡ ዋጋታት ሃለኽቲ ኣቕሑን ማሰረታውያን ኣገልግሎታትን ወሰኽ ከምዝርአየ ጸብጻባት የረድኡ።





| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
| --- | --- | --- | --- |
| ፋርማሲ ኣምፔሮ | 23/05/2024 | ጎደና ሓርነት ቁ.158፡ ፊት ሲነማ ኣምፔሮ | 121480 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565



Sabur Printing Services